# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.100 ዓርቢ 26 ታሕሳስ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጥዕናሓናት ብኸመይ ክጽሎ ይኽእል?


ገጽ 3
ኣመሪካ ንግሪንላንድ ናይ ምውናን ባህጊ ይሰምረላ ዶ ይኸውን?



ገጽ 4
"ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰበብ ጂኦ-ፖለቲካ ክልተ-ሚያት"


ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን


ገጽ 11
ሻምፕዮንካልኣይ ዲቪዥን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ፈሊሙ


## ኣብ ነዘርላንድስ፡ ጀርመንን ኖርወይን ሰሚናራት ተኻዪዱ



ኣብ ነዘርላንድስን ጀርመንን ኣብ ምድልዳል ውዳበታትን ምዕዛዝ ኣበርክቶን ዘተኮረ ሰሚናራት ክካየድ ከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኖርወይ ድማ ገምጋም ንጥፈታት ሃገራውያን ውዳበታት ኣቃኒዖም።

ብመሰረት ካብ በዓታኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኣምባሳደር ነጋሲ ካሳ ብ20ን 21ን ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዝወለን ኣምስተርዳምን ኣብ ዘካየዶ ኣብ ዘቤታውን ዞባውን ኩነታት ዘተኮረ ሰሚናር፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት - ከም ወትሩ ሓድነቶም ኣትሪሮም ኣብ ልምዓታዊ መኸተ ሱታፌኦም ብምሉእነት ንኸረጋግጹን ዝያዳ ንምሕያሉ ክጽዕሩን ብምዝኽኻር፡ ዕቑር ዓቕምታት ብዝጦበአ ንምምዝማዝ ይስራሕ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ፎርቶሳዋ ንምዕዋት ዝካየድ ዘሎ ገስጋሳትን ተበጺሑ ዘሎ ደረጃን፣ ከምኡ'ውን ስሉጥነት ኣገልግሎት ኤምባሲ ንምርግጋጽ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ ዝምልከት መግለጺ ቀሪቡ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጀርመን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ መደብ ልምዓት ብሓፈሻ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣፋምቦ ድማ ብፍላይ ንምዕዋት ይነጥፉ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ኣብ ዝሃቦቶ ሓበሬታ፡ ኑቲ ፕሮጀክት ንምዕዋት ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ገስጋሳዊ ንጥፈታት ከምእተኻየደ፣ ነበርቲ ልዕሊ 25 ከተማታት ድማ ዝምስገን ግብራዊ ተበግሶታት ከምዘወሰዱ ገሊጹ።



እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኖርወይ ብ13 ታሕሳስ ገምጋም ንጥፈታት ሃገራውያን ውዳበታት ኣብ 2025 ብምኽያድ፡ ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ እተን ውዳበታት ኣብ ኩሉመዳያዊ መደባት መኸተ ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ ክሕበር ከሎ፡ ድልዱል ውዳብ ሓያል ማሕበረሰብ ስለዝፈጥር፡ ሃገራውያን ውዳበታት ሕመረት ትውፊታት ብዝጠበአ ክዕቀቡን ናብ ወለዶታት ክሰጋገሩን ብዝለዓለ ክጥፉ ከምዝጦበአ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድን ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ የማነ ገብረኪዳንን ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ንቈንስላዊ ኣገልግሎትን ተገልገልቲ ከማልእዎ ዝጦበአን ዝምልከት መብርሂ ተዋሂቡ፣ ንስሉጥነት ናይ'ቲ ኣገልግሎት ኣብ 2026 ብሰፊሑ ከምዝስራሕ ተሓቢሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈት፡ ጨናፍር ህግደፍ ኣብ ኣቡ-ዳቢ ከምኡ'ውን ዱባይን ሰሜን ኢማራትን፡ ብ21 ታሕሳስ ገባኤታተን ኣቃኒዐን።

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ገባኤታት፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ወ/ሮ ሰዒዳ መሓመድ-ጣሃ ኣብ ኣቡዳቢ፣ ኣካያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ኣቶ መሓመድ ማሕሙድ ሰሊምን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተስፉ ገብረትንሳኤን ድማ ኣብ ዱባይ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምሕያል ውዳበታት ዘተኮረ መደረታት ኣስሚዖም።

## ተሰነይ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ጥሙር መኸተ ተመጒሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብተሳትፎ ህዝቢ ክትግበሩ ዝተወጠኑ መደባት 87 ሚእታዊት ብዓወት ከምእተሰላሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ፡ ብ23 ታሕሳስ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ሓቢሩ።

እቲ ዕማም፡ ምምዕባል ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ምሕያል መደባት ጥሙር መኸተ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምብራኽ እቶታውነት ሕርሻን ኢታዊታት ንኡስ ዞባን ዘጠቓለለ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ጸላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ኣብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ናቕፋ 29 መዋእለ ህጻናት ተሃኒጸን ኣገልግሎት ክህባ ከምዝጀመራ፣ ኣብ ገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጸንሐ ጸበባት ክፍልታት ንምፍታሕ ድማ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ናቕፋ 10 ተወሰኽቲ ክፍልታት ከምእተሃንጸ በሪሁ።

ሽግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ብዝዕመም ዘሎ ስራሕ ድማ፡ ኣብ ፋንኮ ሓደሽ ትሕተ-ቅርጺ ይዋደድ





ከምዘሎ፣ ኣብ ዓሊግድር ብልዕሊ 386 ሽሕ ናቕፋ ጸሓያዊ ጸዓት ተተኺሉ ህዝቢ ኣገልግሎት ክረክብ ከምዝጀመረ፣ ኣብ ከተማ ተሰነይ'ውን ብ1.2 ሚልዮን ጸሓያዊ ጸዓት ተዋዲዱ ኣብ ምጽፋፍ ከምዝርከብ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ናብ ከተማ ተሰነይ ክኣቱ ዝጸንሐ ውሕጅ ዘውርዶ ሳዕቤን ንምክልኻል፡ ልዕሊ 1.7 ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ዝተገበረሉ ስራሕ ብኩጣንያ ህንጻ ሰገን ከምእተዓመ ተሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዘጋጠመ 28 ሓደጋታት ባርዕ ኣስታት 3,500 ሄክታር መጕሳዕታት ከምእተቓጸለ ክገልጽ ከሎ፡ ተመሳሳሊ ሓደጋታት ንምግታእ፡ ጓሶት፡ ሓረስቶትን ካልኦትን ክጥንቀቑ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ንመደባት 2026 ኣመልኪቱ ኣቶ ሰዩም፡ ምህናጽ መጸበዩ ነፍሰጾራት ኣብ ሆስፒታል ተሰነይ፣ ምጽፋፍ ህንጻት ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ፋንኮ፣ ምድልዳል ናይ ሓመድ ጸርግያ ከተማ ተሰነይ፣ ምድላው ርእሰውጥን ከተማ ተሰነይ፣ ምዕባይ ኢታዊታት ስፖርትን ጥራትን፣ ከምኡ'ውን ምዕባይ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ ገጠራት ከምዝጠቓልል ገሊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ሓናት ብኸመይ ክጽሎ ይኽእል?



ጸኒታት ሓናት፡ ኣብ ክልቲኡ ዳሕረዋይ ክፋል ሸነኽ ጉረሮ ናይ ኣፍ ዝርከብ ኣካል ስርዓት ምክልኻል ሕማም እዮም። እዞም ጸኒታት ልክዕ ከም 'ልይምፍ ኖድ' (lymph nodes) ብኣፍና ወይ ብኣፍንጫና ናብ ውሽጢ ሰብነትና ንዝኣትዉ ታህዋስያን ኣጻርዮም ይጉሕፉ። ኣብ ጉረሮና ረኽሲ ንኸይፍጠር'ውን ጸረ-ነፍሳት (antibiotic) የንብሩ እዮም። ብኸምዚ ድማ ካብ ሕማምን ረኽስን ይከላኸሉ።

'ልይምፍ ኖድ'፡ ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሑ ዝርከብ ኣገዳሲ ተኣፋፊ መርበብ ሻምብቆ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ደም ነዚ ብምልሓኹ ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና የበጽሕ። ብዘኾነ ታህዋስያን ተጠቒዕና ምስ ንህሉ ብመንገዱ መልእኽቲ የመሓላልፍ።

ኣብ እንሓምሉ እዋን፡ ኣብ ሓንቲ ወይ ክልቲኤን ሓናት ሕበጥ፡ ቃንዛ ረኽስን ናይ ምውሓጥ ጸገምን ክፍጠር ንቡር እዩ። እዚ ቃንዛ ሕዱር ምስ ዝኸውን፡ ተፈዊሱ ክሓይሽ ምስ ዘይክእል፡ ብሙብጣሕቲ ከም ዝእለያ ይግበር እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ሰብነትና ኑቶም ናብ ውሽጢ ክኣትዉ ዝኽእሉ ታህዋስያን ንምክልኻል፡ ካልእ መንገዲ ክናዲ ይግደድ ማለት እዩ።

**ጥቕሚ፦** ካብቲ ቀንዲ ዕማም ናይ ሓናት ረኽሲ ምክልኻል እዩ። ሓናት ሓያሎ ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ዝሓዛ እየን። ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ሕማም ንምክልኻል ዝሕግዘ ኣካል ደም እዩ። ሓናት ኣብ ኣፍና ኣብ ዝርከብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይ ጉረሮና ሰፊረን ስለ ዝርከባ ድማ፡ ብኣፍናን ኣፍንጫናን ናብ ውሽጢ ሰብነትና ታህዋስያን ከይኣትዉ ይከላኸሉ።

**ቅርጺ፦** ሓናት፡ ኣብ ቅድሚ መስትያት ኴንና፡ ኣፍና ብዝዮሮእ ከፊትና ክንርእየን ንኽእል ኢና። እንቋቝሖ መሰል ቅርጺ እዩ ዘለወን።

**ሕብሩ፦** ሓናት ጥዑያት ምስ ዝህልዋ፡ ሮዛ መሰል ሕብሪ እዩ ዘለወን። ኣብ ግዜ ምስ ዝሓማ ወይ ዝረኽሳ፡ ቀይሕ ሕብሪ ይህልወን። ምስኡ ድማ ሕበጥ።

**ዓቐን፦** ግዝፊ/ ዓቐን ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይፈላለ እዩ።

- ነፍሲ-ወከፈን፡ ብገምጋም 42.81 ኩቦ ሰንቲ ሜትር ግዝፊ ኣለወን።
- ግዝፊ ሓናት ደቂ ኣንስትዮ ብገምጋም 37.65 ኩቦ ሰንቲሜትር ክበጽሕ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 52.4 ኩቦ ሰንቲ ሜትር ይኸውን።

ንጥዕና ሓናት ክጸልዉ ዝኽእሉ ኩነታት

ሓናት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ጥዕንኤን ክጽሎ ይኽእል እዩ። ሓደ ካብኡ ነድሪ ሓናት (tonsillitis) እዩ። ካልኦት ንጥዕና ሓናት ክጸልዉ ዝኽእሉ ኩነታት፦

- 'ስትረፕ ትሮት' (Strep throat)፦ እዚ 'ስትረፕቶኮከስ' (Streptococcus) ብዝተባህለ ዓይነት ጎጅለ ባክተርያ ዝስዕብ ሕማም ናይ ጉረሮ እዩ። ምሕርሓር ጉረሮ፡ ቃንዛ ክሳድን ረስንን ዝኣመሰለ ምልክታት የስዕብ።
- **ጸጸረ ሓናት (tonsilloliths)፦** እዚ ኣብ ውሽጢ ሓናት ዝእከብ፡ ጻዕዳ ወይ ብጫ ዝሕብሩ ዕንጓር እዩ። ቃንዛ ናይ ሓናት፡ ጸገም እስትንፋስ ወይ ጸገም ምስትምቓር ዝኣመሰለ ምልክታት ይፈጥር።
- **ምእካብ ምጉሊ (Peritonsillar abscess)፦** እዚ ብሰንኪ ኣብ ሓናትን ከባቢ ጉረሮን ዝፍጠር ረኽሲ እዩ ዝስዕብ። መግቢ ናይ ምውሓጥን ምስትንፋስን ጸገም ድማ ይፈጥር። ኣብ ከምዚ ኩነታት ተቐላጢፍና ሕክምናዊ ሓገዝ ክንረክብ እዩ ዝምከር።
- 'ሞኖኒክሎሰስ' (Mononucleosis)፦ እዚ ብቫይረስ ዝስዕብ ነድሪ ሓናት ኮይኑ፡ ቃንዛ ጉረሮ፡ ድኻምን ሰሓ ቆርበትን ዝኣመሰለ ምልክታት የስዕብ።
- ምግዛፍ ሓናት (Enlarged/ hypertrophic tonsils)፦ ሓናት ካብ'ቲ ክትተኮኖ ዝግብኣ ዓቐን ምስ እትገዝፍ፡ ኣየር ዝሓልፈሉ ሻምብቆ ክትዓጽዉ ስለ እትኽእል፡ ምሕርናኽ ወይ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ግዜ ድቃስ ከተስዕብ ትኽእል።
- መንሽሮ ሓናት (Tonsil cancer)፦ እዚ ዝበዝሕ እዋን ምስ 'ፓፒሎማ ቫይረስ' (papillomavirus) ምትእስሳር ዘለዎ ኮይኑ፡ ቃንዛ ክሳድን ደም ዝተሓወሶ ምራቕን ዝኣመሰለ ምልክታት ኣለዎ።

### ጽልዋ ምቅይያር ክሊማ ኣብ ጥዕና ሓናት

ክሊማ ኣብ ዝቅያየረሉ ወቕቲ፡ ዝሑል ጸሓይ ሙቐት ክጅምር እንከሎ ክኸውን ይኽእል፡ ሓያሎ ሰባት ብፍላይ ህጻናት ጉረሮኦም ክሓሙን መግቢ ምውሓጥ ክኣብዮምን ኣስተብሂልኩም ትኾኑ።

ህጻናት ኣብ ምቅይያር ክሊማ፡ ረኽሲ ጉረሮ፡ ረስንን ነድሪ ሓናትን ክርእዩ ልሙድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር ብዙሒ ባክተርያን ቫይረስን ክራብሑ ምቹእ ስለ ዝኾነ እዩ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ብቫይረስ ይኹን ብባክተርያ ኣብ ጉረሮ ዝፍጠር ረኽሲ፡ ረኽሲ ሓናት እዩ ዘማዕብል። ምልክታት ረኽሲ ሓናት ምስ ምልክታት ጉንፋዕ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ህጻናት ንኽልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ዝቐጽሉ ናይ ምውሓጥ ጸገም ክርእዩ ምስ እንዕዙብ ብቐልጡፍ ፍወሳ ዝረኽቡሉ መንገዲ ክንፈጥር ይግባእ።

ምስ ምቅይያር ክሊማ ብዝተፈጥሮ ሓያሎ ሕማማት እዮም ዝረኣዩ። ሓደ ካብኦም ነድሪ ሓናት እዩ። ሓናት ብቐሊሉ ክፍወስ ዝኽኣል ሕማም'ኳ እንተኾነ፡ ከይተፈወሰ እንተጸኒሑ ግና ሓያሎ ጥዕናዊ ጸገማት እዩ ዘስዕብ።

### ነድሪ ሓናት - tonsillitis

ኣብ ገለ ኩነታት ሓናት ንባዕለን ብባክተርያ ወይ ቫይረስ ይጥቅዓ እየን። ነድሪ ሓናት (tonsillitis) የጋጥም ማለት እዩ።

ሰለስተ ዓይነት ነድሪ ሓናት ኣለዉ. - ዘየላቡ (ዝህልዎ ቃንዛ መሪር ግን ንሓጺር ግዜ ዝጸንሕ)፡ ሕዱር (ዋላ ምስ ዓበኻ ቀጻሊ ዝመጽእ)፡ ከምኡ'ውን ደጋሲ (ተደጋጋሚ ኣይኹን'ምበር ብገለ ጠንቂ ብቐሊሉ ዝምለስ) እዮም።

ኣብ ህጻናት ዝርአ ነድሪ ሓናት ብዙሒ ተለዋዊጢ ክሊማ ኣብ ዘለዎ ወቕቲ ከም ዝርአ ሕክምናዊ መጽናዕትታት የመልክቱ። ብመሰረት እቶም መጽናዕትታት፡ ካብ 15 ክሳብ 30 ሚእታዊት ቃንዛ ጉረሮ ዘለዎም ህጻናት ብነድሪ ሓናት ዝተጠቕዑ እዮም። ዘየላቡ ነድሪ ሓናት (acute tonsillitis) ብፍላይ ክሊማ ኣብ ዝቅያየረሉ እዋን፡ ካብ 5 ክሳብ 15 ኣብ ዝዕድመኦም ህጻናት ብዙሒ ዝርአ ዓይነት እዩ። ህጻናት ምስ ካልኦት መዙኦም ኣብ ቤት ትምህርቲ ኾነ ኣብ ደገ ናይ ምጽዋት ባህሪ ስለ ዘለዎም፡ እቲ ረኽሲ ሓናት ካብን ናብን ክመሓላለፍ ምቹእ ባይታ እዩ ዝረክብ።

ምልክታት ነድሪ ሓናት

ነድሪ ሓናት ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ ህጻናት ግና ልሙድ ሕማም ኮይኑ ንረኽቦ። እቲ ሕማም ዝያዳ ዝልለየሉ ግዜ፡ እቲ ህጻን ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ 10 ዓመታት ዝረግጽ እዩ። ቃንዛ ጉረሮ፡ ቃንዛ መግቢ ምውሓጥ፡ ረስኒ ገለ ካብቶም ብንጹር ዝልለዩ ምልክታት ናይቲ ሕማም እዮም።

ነድሪ ሓናት ካብን ናብን ሰብ ይላባዕ እዩ። ብኣዝዮም ዝተፈላለዩ ልሙዳት ቫይረሳትን ባክተርያን ድማ እቲ ሕማም ይበገስ። 'ስትረፕቶኮካል ባክተርያ' (Streptococcal bacteria) ሓደ ካብቲ ነድሪ ሓናት ከስዕብ ዝኽእል እዩ።

ነድሪ ሓናት ከተለልዮ ብዙሕ ከም ዘጸግም ሓኪይም ይዛረቡ። ብነድሪ ሓናት ዝረኣዩ ምልክታት መብዛሕትኡ እዋን ካብ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ኣብ ዘሎ ግዜ ይጠፍኡ እዮም።

ምልክታት ነድሪ ሓናት፦

- ቃንዛ ጉረሮ፡
- ዝኾነ ነገር ክትውሕጥ ዘይምኽኣል ወይ ከቢድ ቃንዛ ምህላው፡
- ድምጺ ብግቡእ ክወጽእ ዘይምኽኣል፡ ወይ ዝተሰባበረ ድምጺ ምውጻእ፡
- ጸገም ኣተነፋፍሳ፡ ወይ ዕጉት እስትንፋስ፡
- ረስኒ፡
- ቁራቁሪ ምባል፡
- ቃንዛ እዝኒ፡
- ቃንዛ ከስዐ፡
- ሕማም ርእሲ፡
- ምድራቕ ክሳድ፡
- ምሕባጥን ምቕያሕን ሓናት፡
- ብኽልቲኡ ሸነኽ ናይ ጉረሮ ዝርከባ ሓናት ጻዕዳ ወይ ብጫ ነጠብጣብ ምግባር ወዘተ የጠቓልል።

ምሕራቕን ምሉእ ብምሉእ መግቢ ምሕሳምን ኣብ ህጻናት ክርአ ዝኽእል ምልክታት እዮም።

ነድሪ ሓናት ብቫይረስን ብባክተርያን ክኽሰት ይኽእል።

- **ናይ ቫይረስ ነድሪ ሓናት**

ብዙሒ ዝርአ ዓይነት ሓናት ብቫይረስ እዩ ዝምዕበል። ሰዓል ዝፈጥር ቫይረስ፡ ነድሪ ሓናት ከማዕብል'ውን ተኽእሎ ኣለዎ። 'ርሂኖቫይረስ' (rhinovirus)፡ 'ኢፕስቴን-ባር ቫይረስ' (Epstein-Barr virus)፡ 'ሄፓቲቲስ ኤ' (hepatitis A) ከምኡ'ውን 'ኤ.ኣይ.ቪ.' ገለ ካብቶም ነድሪ ሓናት ዝፈጥሩ ዓይነት ቫይረስ እዮም።

እቲ ነድሪ ሓናት ብቫይረስ ዝሰዓበ ምስ ዝኸውን ተደጋጋሚ ምስዓልን ምዕባስ ኣፍንጫን ዝኣመሰለ ምልክት የርኢ እዩ። እዚ ዓይነት ነድሪ ሓናት ብጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ክፍወስ ኣይከኣልን እዩ። ሰብነትካ ከይደርቅ ብምክልኻል፡ ቃንዛ ዘህድእ መድሃኒት ብምውሳድ ከምኡ'ውን እኹል ዕረፍቲ ብምርካብ ክትፍወሶ ይከኣል።

- **ናይ ባክተርያ ነድሪ ሓናት**

ኣስታት 15 ክሳብ 30 ሚእታዊት ነድሪ ሓናት ብባክተርያ እዩም ዝስዕብ። 'ስትረፕ ባክተርያ' (strep bacteria) ቃንዛ ጉረሮ ዝፈጥር ዓይነት ነድሪ ሓናት የስዕብ።

ናይ ባክተርያ ነድሪ ሓናት ብዙሕ ግዜ ካብ 5 ክሳብ 15 ዓመት ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ህጻናት ይርኣ።

ብባክተርያ ነድሪ ሓናት ዝሓመመ ሰብ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ብምውሳድ ክፍወስ ይከኣል እዩ።

### ክንክን

ሓናት ብባክተርያ ይኹን ብቫይረስ ከይጥቅዓ ግቡእ ዝኾነ ክንክን ጽሬት ክንከተል እዩ ዘለና። ኣእዳውና ብዝዮሮእ ምሕጻብ፡ ዝተፈላለየ ሕማም ናይ ሓናት ምስ ዘለዎ ሰብ ሓደ ዓይነት መስተዩን ሙብልዕን ኣቕሓ ክንጥቀም የብልናን።

ኣፍና ብግቡእ ጽሬቱ ምስ እንሕሉ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንምክልኻል ሓጋዚ እዩ - ብፍላይ ድማ ካብ ሕማም ናይ ሓናት።

ምንጪ፦ health line




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ ንግሪንላንድ ናይ ምውናን ባህጊ ይሰምረላ ዶ ይኸውን?

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ደሴት ግሪንላንድ ኣብ ጸጥታዊ ድሕንነት ኣመሪካ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ንምውናና ሓያል ጸዕርታት እዩ ዘካይድ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ነታ ደሴት ኣካል ልኡላዊት ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባራ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ንኣመሓዳሪ ክፍለ ሃገር ልዊዝያና ጀፍ ላንድሪ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብታ ደሴት ገይሩ ሸይምዎ ኣሎ። ጀፍ ላንድሪ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብታ ደሴት ኮይኑ ድሕሪ ምምዛዙ፡ ግሪንላንድ ኣካል ግዝኣት ኣመሪካ ኮይና ክርእያ ዝለዎ ድሌት ዘንጸባርቕ መልእኽቲ ብማሕበራዊ ማዕከናት ዜና ድሕሪ ምምሕልላፉ፡ ካብ ሓያሎ ሰበ ስልጣን ዴንማርክን ግሪንላንድን ተሪር ተቓውሞ ይገጥሞ ኣሎ። ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍረደሪክሰን፡ ከምኡ'ውን ግሪንላንዳዊ መዘናኣ ጀንስ ፍረደሪክ ኒልሶን ድሒሮም ኣብ ዘውጽእዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ደሴት ግሪንላንድ ንህዝባ ጥራሕ ከም እትምልከት ድሕሪ ምሕባር፡ ኣመሪካ ንምውናና እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ደው ክተብሎ ጸዊዖም። ቀዳማይ ሚኒስተር ኒልሶን ወሲኹ፡ "ንግሪንላንድ ናይ ምውናን ጻዕርታት ኣመሪካ ዘምጽኦ ፋይዳ የለን" ድሕሪ ምባል፡ "መጻኢና ባዕልና ኢና ንመርጽ" ክብል ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንጹር መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ። በዚ ጉዳይ ኣመልኪታ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍረደሪክሰን፡ ንኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሃገራ ኬን ሃውሪ ጸዊዓ ከተዘራርቦ ምዃና ኣፍሊጣ ኣላ። ሚኒስተር ወጻኢ ደንማርክ ለቃ ራስሙሰን ብወገኑ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ንጀፍ ላንድሪ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብ ግሪንላንድ ገይሩ ምሻሙ ኣዝዩ ከም ዘጉሃዮ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ስጉምቲ ፈጺሙ ዘይቅቡል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኮሚሽነር ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮንደር ሌን ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ምስ ዴንማርክን ህዝቢ ናይ'ታ ደሴትን ሓባራዊ ርድኢት ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ንድሌታት ምምሕዳር ትራምፕ ዘቃውም መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ። ልኡላውነት ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ክኽበር ናይ ግድን ምዃኑ ድማ ኣስሚራትሉ። ኣመሪካ፡ ንደሴት ግሪንላንድ ዘለዋ ናይ ምውናን ድሌት ሕጂ ዝተቐለ ከም ዘይኮነ እዩም ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ፖለቲካ ዘመልክቱ። ኣመሪካ ኣቐዲማ ኣብ 1867፡ 1910፡ 1946፡




1955፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2019 ነታ ደሴት ንምውናን ፈተነታት ኣካይዳ ነይራ እያ። በዚ ከኣ እዚ ሕጂ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ቀሪቡ ዘሎ ንግሪንላንድ ናይ ምውናን መደብ ሓድሽ ከም ዘይኮነ ክንርዳእ ንኽእል። ገለ ኣብነታት ምስ እንርኢ፡ ኣመሪካ ኣብ 1946 ንግሪንላንድ ንምዕዳግ፡ ንመንግስቲ ዴንማርክ 100 ሚልዮን ዶላር ክትከፍሎ ጠለብ ኣቕሪባትሉ ነይራ። እንተኾነ፡ መንግስቲ ዴንማርክ ነቲ ጠለብ ብምንጻጉ፡ ድሌት ኣመሪካ ክሰምር ኣይከኣለን። ኣመሪካ ድሒራ'ውን ዘይዕወት ፈተነታት ኣካይዳ ነይራ እያ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ እውን ኣብቲ ናይ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ (2019)፡ ንደሴት ግሪንላንድ ንምውናን ዘይሕለል ጻዕርታት ኣካይዱ ነይሩ። የግዳስ፡ መንግስታት ዴንማርክን ደሴት ግሪንላንድን፡ "እታ ደሴት ንዕዳጋ ኣይትወርደን እያ" ብምባል፡ ሕጂ'ውን ነቲ ጠለብ ክልጽግዎ እዮም ተሰሚዖም። ኣብ መጀመርያ ናይዛ ዓመት እዚኣ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ መሰረት፡ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ደሴት ግሪንላንድ፡ ደሴቶም ምስ ኣመሪካ ክትቁረን ኣይደልይዋን እዮም። ብመሰረት እቲ ኣብ 2009 ዝጸደቐ ሕጊ፡ መንግስቲ ዴንማርክ፡ ደሴት ግሪንላንድ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ብረፈረንደም ኣቢላ ምሉእ ናጽነታ ክትረክብ ትኽእል እያ።

ኣብ ታሕሳስ 2024፡ ዴንማርክ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ዘለዋ ወተሃደራዊ ህላወ ንምዕባይ ውጥን ኣዳልያ ነይራ። ብመሰረት እቲ መደብ፡ ነተን ስርሓት ኣመሪካ ዝኾና ኤፍ-35 ዝዓይነተን ዘመናውያን ናይ ውግእ ነፈርቲ ክዕልብ ዝኽእል ዝተመሓየሸ ዘመናዊ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣብታ ደሴት ክትሃንጽ፡ ተወሳኺ ወተሃደራት ኣብቲ ከባቢ ከተዋፍር፡ ጸጥታ ዞባ ኣርክቲክ ኣብ ምውሓስ ኣገዳሲ ተራ ዘለወን ሰለስተ ዓበይቲ መራኽብ ኩናት፡ ዝተራቐቐ ካሜራ ዝዓጠቓ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ከምኡ ድማ ነዊሕ ርሕቀት ዘውንጨፉ ሚሳይላት ኣብቲ ከባቢ ከተዋድድ እያ። ኣብ መጀመርያ ናይዛ ዓመት እዚኣ እውን፡ ዴንማርክ ጸጥታ ዞባ ኣርክቲክ ንምውሓስ፡ ልዕሊ 2 ቢልዮን ዶላር ባጀት ከም ዝሰልዐት ዝዝከር እዩ። እቲ ባጀት፡ ምስታ ኣካል ናይታ ሃገር ዝኾነት ርእሰ ምምሕዳር ደሴት ግሪንላንድን ደሴታት ፋሮን ብምትሕብባር ከም ዝሰልዓቶ ከኣ ኣብቲ ሽዑ እዋን ተገሊጹ ነይሩ። ብዘይካዚ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ግሪንላንድ ካብ ዴንማርክ ንምዕዳግ ዘለዎ ድሌት ብተደጋጋሚ ድሕሪ ምግላጹ፡ ዴንማርክ ዓመታዊ ባጀት ናይ ምክልኻላ ብ1.5 ቢልዮን ዶላር ክብ ከተብሎ ወሲና ኣላ።

ግሪንላንድ፡ ካብ ሰሜን ኣመሪካ ናብ ኤውሮጳ ብኣቋራጭ እተሳግር ዓባይ ደሴት ብምዃና፡ ንኣመሪካ ልዑል ስትራተጂያዊ ረብሓ ከም ዘለዋ እያ ክትጥቀስ ጸኒሓ። ደሴት ግሪንላንድ ብዘወሳኺ፡ ብዙሕ ዕቑር ማዕድናት ከም ዘለዋ እዩ ዝንገረላ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ እታ ደሴት፡ ኣስታት 50 ቢልዮን በርሚል ዝግመት ነዳድን ባህርያዊ ጋዝን ኣሎ። ኣብ 2023 ብዝተኻየደ ዳህሳስ መሰረት፡ ካብ'ቶም ኤውሮጳዊ ሕብረት 'ብርቂ' ኢሉ ዝሰመዮም 34 ዓይነታት ማዕድናት፡ እቶም 25 ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ይርከቡ። በዚ ከኣ፡ ኣመሪካ ነታ ደሴት እንተ ወኒናታ፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ምርኮሳ ሰደድ ማዕድናት ቻይና ክትናገፍ ትኽእል - ብመሰረት ጸብጻባት። እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ደሴት ክውንን ዝደፋፍኦ ዘሎ ምኽንያት እዚ ዕቑር ማዕድናት ዘይኮነ፡ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣ ንሃገራዊ ድሕንነት ኣመሪካ ወሳኒ ስለ ዝኾነ ምዃኑ'ዩ ዘረድእ ዘሎ። ብርክት ዝበሉ መራኽብ ፈደረሽን ሩሲያን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ ክንቀሳቐሳ ይረኣያ ምህላወን ዝጠቐሰ እቲ ፕረዚደንት፡ እታ ደሴት ንጸጥታዊ ድሕንነት ኣመሪካ ክበሃል ናይ ግድን ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ንኽትእትዋ ከም ዝጸዓር እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ብድሌት ፕረዚደንት ትራምፕ ዘይተሓጎሰት ዴንማርክ ድማ፡ ኣመሪካ ንድሌታታ ዳግመ ግምት ክትገብረሉ ትጽውዕ ኣላ።

ዝዓበየት ደሴት ናይ ዓለምና ምዃና ዝንገረላ ግሪንላንድ፡ ኣብ መንጎ ኣርክቲካውን ሰሜን ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስን እያ ትርከብ። እዛ ልዕሊ 57 ሽሕ ነበርቲ ዘለዋ ደሴት፡ ናይ ባዕላ መንግስቲ እትውንንን ክትተከውን እንከላ፡ ትሕተ-ቅርጺታታ ይኹኑ ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታታ ብቲ ውሽጣዊ መንግስታ እዮም ዝመሓደሩ። ጉዳይ ምክልኻል፡ ናይ ወጻኢ ፖለሲታት፡ ባጤራን ዜግነትን ድማ ብመንግስቲ ዴንማርክ ይመሓደር። በዚ ከኣ፡ ደሴት ግሪንላንድ ናይ ውሽጣ ስርዓት ምክልኻል ከም ዘይብላ ክንርዳእ ንኽእል። 80 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ደሴት ግሪንላንድ ብበረድ ዝተሸፈነ ክኸውን እንከሎ፡ ዝዓበየ ምንጪ ቁጠባኣ ከኣ ሰደድ ዓሳ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ እቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ሰፊሕ ከባቢታት ደሴት ግሪንላንድ፡ ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ ክመኽኽ ጀሚሩ ብምህላዉ፡ ኣብታ ደሴት መራኽብ ዝገዓዝሉ ሓደስቲ መስመራት ተኸፊቶም ኣለዉ። በዚ ከኣ፡ ዕቑር ማዕድናት ናይ'ታ ደሴት፡ ብሰንኪ ምምካኽ ኣኻውሕ በረድ ንምዕዳኖም ዝቐለለ ኮይኑ ከም ዘሎ ይንገር። በዚ ምኽንያት እዩን እምበኣር ሓያሎ ሃገራት ዓለምና ኣብቲ ከባቢ ህላወኦም ንምውሓስ ልዑል ጻዕርታት ዘካይዳ ዘለዋ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ናይታ ዓባይ ደሴት ዓይኖን ከውድቓ ከም እተራእያ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ዴንማርክ ከኣ እታ ደሴት ከይትምንዘዓ ብምስጋእ፡ ወተሃደራዊ ሓይላ ንምጉልባት ትቃለስ ከም ዘላ ይሕብሩ።



# ዛዕባ ሎሚ

## “ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰበብ ጂኦ-ፖለቲካ ክልተ-ማያት”

ኣማኑኤል ዘካርያስ

(3ይ ክፋል)



### ፖለቲካ ማይ

ፖለቲካ ማይ (Hydro-politics)፣ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኣርእስትታት ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት እዩ። ማይ፡ ዶብ ዘይፍለጥ ጸጋ ከም ምዃኑ መጠን በቲ ዝውቱር ዝበሃል መግለጺታት ብልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገራት ክትድርቶ ዘኽእል ኣይኮነን። ስለዝኾነ፣ ስነ-መጐታዊ መግለጺ ናይ ‘ማይ ፖለቲካ’፣ ተጋራጫዊ ክበሃል ብዘኽእል ጫሌዳ ትንታኔታት ዝተሃንጸ እዩ። ምሕደራን ወዱዓን ኣብ ምግባሩ ድማ፡ ልዑል ብልሓትን ዲፕሎማስያዊ ብስለትን ተዋሳኢቲ ሓይልታት ይሓትት።

ናይ ‘ማይ-ፖለቲካ’ ምስ ምሕደራ ማያዊ ጸጋታት ዝተኣሳሰረ፡ ማይን ስልጣንን ዘራኽብ ጂኦ-ፖለቲካዊ መግለጺ ኮይኑ፡ ማእከል ብዙሓት ግርጭታት እዩ። ማይ፣ ኣገዳሲ ባህርያዊ ጸጋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ውሑድን ብቐሊሉ ዘውዳእን ሃገራውን ኣህጉራውን ጸጋ ምዃኑ፡ ወጽኢ ፖለቲካዊ ረቛሒ ክኸውን ዝኽእል እዩ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ማይ ኣገዳሲ ምንጪ ስልጣንን ሓይልን እዩ። ስለዚ፡ ጸጋ ማይን ግርጭታትን ተኣሳሲሩ ዝምድና ኣለም ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣካባብያዊ፣ ማሕበራውን ጸጥታውን ኣሰራት ዘለዎምʼውን እዮም። ኣብ ማይ ጠቕሲ ግርጭታትን ጸምዶታትን ዝሀሉ ስርዓታዊ ትንተናን ወግዓዊ ምሕደራን ድማ፡ ሃገራዊ መቓን፣ ዞባዊ መርበባዊ ትሕተ-ቅርጽታትን ኣካቡዝበን ማእከል ዝገበረ ዛዕባ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ልዑል ጥንቃቐን ብስለትን ዘድልዮ ጉዳይ እዩ።

ማይ፡ ብዶብ ዝውሰን ባህርያዊ ጸጋ ኣይኮነን። ካብ ላዕላይ ዛራ ናብ ታሕታይ ዛራ ስለዝፈስስ ከኣ ንሓደ ተፋሰስ ሩባ ወይ ቀላይ፡ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ክልተ ክሳዕ ብዙሓት ሃገራት ሓቢረን ብምቕርሓ ክጥቀማሉ ይኽእላ። ኣብ ዓለም፡ ሃገራት ሓቢረን ዝጥቀማሉም ክሳዕ 240 ዝበጽሑ ማያዊ ጸጋታት ኣለዉ። 40% ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለምን 50% ካብ ጠቕላላ መሬታዊ ጸጋታት ዓለምን ኣብዚም ናይ ሓባር ተፋሰስ ዝርከቡ እዮም። ብዙሕ ሕልኽላኻት ዘለዎʼኳ እንተኾነ፡ ጥበብ ወሀደን ዘላቒን ምሕደራ ተፋሰስ ሩባታት ንዓለምና ሓዲሽ ተመኩሮ ኣይኮነን። ዝካና፡ ብቐንዱ ድማ ዝካ ሰሜን ኣፍሪቃ ግና ምሕደራ ጸጋ ማይ ከቢድ ብደሆ ኮይኑ ይርከብ።

ምስ ምሕደራ ጸጋ ማይ፡ ብቐንዱ ከኣ ምስ ምሕደራ ተፋሰስ ሩባታት ዘሎ ፖለቲካዊ ሕሰበት ኣብ ክልተ መቓልና ክንርእዮ ዝከኣል እዩ። እቲ ቀዳማይ ጸጋ ማይን ስግረ-ዶባዊ ባህርያቱን ከም ዓቢ ሓብራዊ ረቛሒ ናብ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ክንጥቀመሉ ከም ዝከኣል ዘስተምህር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ጸጋ ማይ ከም ዋና ጠንቂ ናይ ግርጭታት ዘቐምጥ እዩ። ሓደ ካብ ቀንዲ ወከልቲ ናይዚ ካልኣይ ኣስተምህሮ ኣብ 1980ታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ዋና ጸሓፊ ዝነበረ ቡጥሮስ ቡጥሮስ ጋሊ እዩ። ቡጥሮስ ጋሊ፡ ‘ኣብ መጻኢ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ኣህጉራዊ ነውጽታት፡ ጸጋታት ማይ ዘጠንቐም ክኾኑ እዮም’ ይብል ምንባሩ መዘክብቲ ይጠቕሱ።

‘ማይ ጠቕሲ ፖለቲካ’ ልዑል ስትራተጂያዊ ኣተኩሮ ካብ ዝወሃቦ ከባቢታት ዓለም፣ ዞባታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ብቐዳምነት ይጥቀሳ። እዘም ዝተጠቕሱ ከባቢታት፣ ድሩት ጸጋ ማይ ኣለዎም ጥራይ ዘይኮነ፣ ዋላʼውን ኑቲ ዝርከቡ ጸጋ ብዘጠቓዓት ኣብ ምምሕዳር ዝተሰኑ ምዃናም ዝፍለጥ እዩ። ብዝሒ ህዝቢ ክልቲኡ ዞባታት ክረኣ እንከሎ፣ ካብ ሞሮኮ ክሳብ ኣፍጋኒስታን፡ ካብ ቱርኪ ክሳብ ሱዳን ዝያዳ 300 ሚልዮን ዝበጽሕ እዩ። መጽናዕትታት፡ እዚ ዞባታትʼዚ ካብቲ ዘለዎ ጸጋ ማይ ብ50% ዝዓቢ ቀረብ ማይ ዘድልዮ ዞባታት ምዃኑ ይገልጹ። ስለዚ ተመርኲሶም ሃገራት ታሕታይ ዛራ ኣብ ሃገራት ላዕላይ ዛራ ናይ ህላወን ሕቶ ክኸውን እዚ ክዉንነትʼዚ የገድድ እዩ።



ሓደ ካብቶም ምስ ጂኦፖለቲካ ተኣሳሲሩ ስሙ ብቐጻሊ ዝጥቀስ ፈለግ ኒል እዩ። ኣብ ታሪኽ ከም እንረኽቦ፣ ምሕደራ ማይ ፈለግ ኒል፡ ምስ ሃገራዊ ሓይሊ ተዋሰንቲ ሩባ ኒል ዝኾና 11 ሃገራት ተቖማዲ ምትእስሳር ዝነበሮ እዩ። ኣብ ምሕደራን ቁጽጽርን ጸጋ ማይ ዝዓብለለ ሓይሊ ጎብለል ይኸውን፣ ወይ ድማ ብኣንጻሩ። ግብጺ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ክጸኦኡን ጸላዊት ታሪኻዊት ሓይሊ ዝኾነትሉ ኣውራ ምኽንያት፡ ኣብ ተጠቃምነት ፈለግ ኒል ብዘበራ ላዕለዋይ ኢድ ምዃኑ መዘክብቲ ታሪኽ የጽንዑ። ፈለግ ኒል እምነ-መሰረት ኣብ ከባቢታት ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ግብጽን ዓምባብም ዝነበሩ ሰለስተ ዓበይቲ ስልጣኔታት እዩ ነይሩ። ስዒኦት ግብጺ፣ ትሕዝቶ ፈለግ ኒል ከይቅንስ እሞ ሃገራዊ ረብሓታት ግብጺ ብጹኡ መንጸር ብኣሉታ ከይጽሎ እዩ። ንኣብነት፣ ሮበርት ካልፓም (Robert Calpam)፣ ትሕዝቶ ፈለግ ኒል ኣብ (1089-1090)፡ ገለኦም ጸሓፍቲ (ኣብ 1066-1090 ኢሎም ዝጠቕስዎ) ጎዲሉ ምንባሩን፣ ከም ቀጥታ ሳዕቤን ናይዚ ከኣ፡ ኣብ ግብጺ ከቢድ ጥሜት ተኸሲቱ ምንባሩን ይገልጽ።

ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ እዋን፣ ሮማውያንን ግብጻውያንን ምንጪ ፈለግ ኒል ንምፍላጥ ዓበይቲ ዳህሳሳት የካይዱ ከም ዝነበሩ፡ ኣንፈት ናይቲ ውሓዚ ተኸቲሎም ክሳብ ሱዳን ዝበጽሕ ምርምር ከምዘካየዱን ዝገለጸʼኳ እንተኾነ፡ ዝበዝሐ ምንጪ ፈለግ ኒል ካብ ኢትዮጵያ ምዃኑ ዝተረጋገጸሉ ግና ኣብ ማእከላይ ዘመን እዩ። ምስ ምጅማር ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ብሓፈሻ፣ ብቐንዱ ድማ ምስ ምኽፋት መትረብ ስወጽ ድማ ጂኦስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ፈለግ ኒል ጎሊሑ ክረኣ ጀሚሩ። መትረብ ስወጽ ኣብ 1869 እዩ ተኸፊቱ። ሓደ ካብቲ ንኣገዳስነት መትረብ ስወጽ ዝኸሰሰ ፍጻመታት ምስ እንርኢ፣ እቲ ኣብ ኣብ 18 ክፍለ ዘመን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዘጋጠመ ውግእ ሕድሕድ ኣመሪካውያን እዩ።

ብሰንኪʼዚ ውግእ ዓለማዊ ምህርቲ ጡጥ ባይታ ምዝባጡ ከይኣክል፡ ‘ልሙዕ መሬት ግብጽን ሱዳንን ፈለግ ኒልን ንፈለግ ኒል ዝምገቡ ኩሎም ምንጪ ማያትን ኣተኩሮ ናይተን ከም እንግሊዝ ዝኣመሰላ በቲ ግዜʼቲ ዝግዝኣ ሃገራት ክስሕብ ቀጥታዊ ምኽንያት ኮይኑ እዩ’ እዚ ግዜ ሕልሚ ኣብ መትረብ ስወጽን ፈለግ ኒልን ዝሀሉ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታት ኣብ ሓደ እዋን ንምርግጋጽ ዝወጠነ ክልተ ዝማዕፉቱ ቀስቲ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ፈለግ ኒል፡ ካብ ክልተ ዓበይቲ ሰንጭሮታት ብዝመጽኡ ዓበይቲ ሩባታት ዝቖውም እዩ። እቲ ሓደ ምንጪ፡ ካብ ከበሳታት ኢትዮጵያን ቀላይ ጣናን ዝቕልቀል ሰማያዊ ኒል ክኸውን እንከሎ (ሩባ ኣባይ)፡ 1450 ኪ.ሜ ተጓዒዙ፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ይፈስስ። ካብ ቀላይ ቪክቶርያን ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሩባታትን ዝምንጩ ጻዕዳ ኒል ድማ 6800 ኪ.ሜ ተጓዒዙ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ይፈስስ። ፈለግ ኒል ወሀድ ወጽኢት ናይ ክልተ ዓበይቲ ከባቢታት እዩ። እቲ ቀዳማይ ን86% ትሕዝቶ ማይ ፈለግ ኒል መጋቢ ዝኾነ ሩባታት ብስም ምብራቓዊ ተፋሰስ ኒል ክጽዋዕ እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ድማ ካብ ሃገራት ዓበይቲ ቀላያት ዝምንጩ ኢኳቶርያዊ ኒል እዩ።

ካብ ተፋሰስ ፈለግ ኒል ብዙሓት ሃገራት ተጠቀምቲ ክንሰና፣ ኣብ ምሕደራ ጸጋ ማይ ኒል ኣብ መንጎʼዘን ሃገራት ዝጸንሐን ዘሎን ኣተሓሕዛ ግን ኣይግድን። መቓጻልታ እቲ ታሪኻዊ ዘይምርድዳእ ኮይኑ ዝርከብ፡ ኢትዮጵያ ካብ 110 ሚልዮን ህዝባ ኑቲ ፍርቂ ካብዚ ፈለግʼዚ ዝምንጩ ሓይሊ መብራህቲ ክትቕርበሉ ብምሕላን ዘበጋገሶ በይነኣዊ ፕሮጀክት ዲጋ ‘ህዳሰ’ እዩ። ሕጂ ከኣ፡ ምስ ህርፋን ኣፍደገ ባሕሪ ሰልፊ ብልጽግና ተኣሳሲሩ፣ እቲ ዝጸንሐ ዘይምርድዳእ ዝያዳ ይገሃሃር ኣሎ። ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሩባ ኣባይ እትሃንጾ ዘላ ግድብ ‘ህዳሰ’፡ ኣብ ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየ ግድብ መመንጨዊ ማያዊ ጸዓት (ሃይድሮ ኤለክትሪክ) ምዃኑ እዩ ዝጥቀስ። እዚ፡ ኣብ ንቡር እዋን፡ ናብ ቅትዕ ልምዓታዊ ሃገራዊ ዕላማ ክውዕል ኣገዳሲ ዝኾነ ዕርሞሽሽ ግድብ ግን ካብ ቅትዕ ማእዙ ኣንደልሂጹ መሳርሒ ጂኦ-ፖለቲካ ክኸውን ይርአ ኣሎ።

ፕሮጀክት ምግዳብ ሩባ ኣባይን መጽናዕታቱን ካብ 1960ታት ዝተበገሰ ምዃኑ ይንገረሉ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝነበረ መለስ ዜናዊ፡ ኣብ 1993 ኣብ ኣኼባ ናይ ሽዑ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ክሳተፍ ካይሮ ኣብ ዝኸደሉ፡ ምስ ፕረዚደንት ግብጺ ነበር ሑስኒ ሙባረክ ኣብ ኣጠቓቕማ ሩባ ኣባይ ምዝርራብ፡ ሰነዳት የረጋግጹ። ኣብቲ ኢጋጣሚ ይጽንሓልካ እናተባህለ ዝልዓለʼሞ ካብ ሰብስልጣን ግብጺ ጽቡቕ ምላሽ ዘይረኸበ ሕቶ መለስ ዜናዊ ንምህናጽ ግድብ ‘ህዳሰ’፡ ኣብቲ ኣኼባ ተሳታፊ ንዝነበረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝሓተ መልሲ እዚ ሕጂ ዝተሻሸን ዘሎ ስትራተጂ ክልተ-ማያት እምነ-መሰረት ዝነበረ እዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ቃለ-መሕትቱ ከም ዝገለጾ ‘ናይ ኣባይ ጉዳይ ይጽንሓልካ፣ ኣይተልዕሎ፣ ናይ ኢትዮጵያ ቀዳምነት ኣይኮነን’ ኢሉዎ ነይሩ። ካብ ላዕለዎት ሰብስልጣን ግብጺ ዝረኸቦ ግብረ መልሲ እውን ናይ ምቁንጻብ ቃላት እዩ ነይሩ።

እዚ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከም ናይ ቀረባ መማኸርቲ ንምህናጽ ግድብ ‘ህዳሰ’ ኣመልኪቱ ሽዑ ዝሃቦ ምኽሪ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ነጥቢ እዩ። እቲ ኣብ 1993 ካብ ኣፍ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነበር ኣቶ መለስ ዜናዊ ዝወጸአ ናይ ቁጠዐ ቃላት፡ ኣብቲ ሕጂ ኢትዮጵያ ብመጉዚ ስትራተጂ ክልተ-ማያት ኣቢላ ኣበጊሳቶ ዘላ ናይ ‘ምጉብዓል’ ሃቐና (Water Hegemony) ዝያዳ ጎሊሑ ኣሎ። መለስ ዜናዊ፡ ልክዕ ከምቲ ቱርኪ ኑቲ ምስ ሶርያን ዒራቕን ዝካፈል ሃብቲ ማይ ክትቈጻጸሮ ዝኸኣለት፡ ንሱ ከኣ ኣብ ፈለግ ኒል ግድብ ብምህናጽ ‘ንኣዕራብ ከዝብርክኾም’ ምዃኑ እዩ ተመባጺዑ።

ምህናጽ ግድብ ‘ህዳሰ’ ኣብ ከባቢ ዓይኒ ማይ ምህናጹ ንግብጺ ከቕጥዕ ስለዝኾነ፣ ኣብቲ ድሩት ናይ ሕርሻ ንጥፈታት ዝተዓደሉ ሰንጭሮታት ቤንሻንጉል ከም ዝህነጽ ምግባሩ ወግዓዊ ሓበሬታታት የረጋግጹ። ብኻልእ ወገን እቲ ግድብ ዝተሰርሓሉ ቀንዲ ምኽንያት “ፖለቲካዊ መኽሰብ ንምርካብን ኣተኩሮ ንምጥምዛዝን” ምንባሩ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ምሁራት ይገልጹ እዮም። ድሕሪቲ ኣማኢት ኢትዮጵያውያን ዝተቐትልሉ ናይ 2005 ምርጫ፡ ኣብ ኢህወደግ ህዝባዊ ደገፍ እናማህመነ ብምኻዱ፡ ሃገራዊ ኣጀንዳ ንምፍጣር፡ ምህናጽ ግድብ ‘ህዳሰ’ መድረኻዊ መፍትሒ ምንባሩ ድማ ይትንተኑ።

**ይቕጽል . . .**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ደሃይ ደቂ ሓደ ልቢ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሙዚቃዊ ድራማ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ጾርታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣጸደ ኣሰፋው ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኣዜብ መስፍን ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄኖክ ጉብረስላሴ ኣርኣያ፡ ሄኖክ ጥላሁን ተብርሃን ምባል ተረፉ፡ ሄኖክ የናስ ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ እሙን ታደሰ ሃብተሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ግርማጽዮን ጉብረኪዳንን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ግርማጽዮን ጉብረኪዳን ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጠ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ብስራት ተስፋኣለም በለውን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጸጋዮ ጉብሩ ግደን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጸጋዮ ጉብሩ ግደ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጠ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ጸጋት በራኺ ጉብረየሱስ፡ ኣቦይ እሰይ መሓሪ ኣንገሶም ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ኣዴኡ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሰስቲ ሳባ ተኽለይ የውሃንስ፡ ወረ/ኑፍ ተኽለይ የውሃንስ ንጉሰ ኑፍ/ምሕረት ተስፋገርግሽ ጉብረትንሳኤ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኑፍ ተኽለይ የውሃን ንጉሰ፡ ኑፍ/ምሕረት ተስፋገርግሽ ጉብረትንሳኤ 1. ፊልሞን ታደሰ 2. ጊደውን ተኽለይ የውሃንስ 3. ሙሴ ተኽለይ የውሃንስ 4. ሚኪኤል ተኽለይ የውሃንስ 5. በረኸት ተኽለይ የውሃንስ 6. ሊድያ ተኽለይ የውሃንስ፡ 7. ጊደዎን ተኽለይ፡ ኣብ ልዕሌኹም ንምቕሊት ወርሲ ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ለተዝጊ ጺጋይ ሃብተማርያም፡ ወኪል ኣቶ የናስ ኪዳኑ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኑፍ ተስፋጋብር ሃብተ ተስፋስላሰ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንን19/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲ ርእሶም ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ጉብረቅዱስ ተኽለ መሓሪ፡ ናይ ምቕሊት ወርሻ ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲት ንያት ተወልደብርሃን ገ/ማርያም፡ ተኸሳሲ ኣስመሮም ጉብረማርያም ጊላዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሓበን ኣለም ትካቡ፡ ኣቦይ ኣለም ትካቦ ጉብረኪዳንን ኣደይ ጸገወይኒ ጉብረልዑል ካሕሳይን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጉብረክርስቶስ ተስፋገርግሽ፡ ስም ኣደይ ኣበባ ኪዳነ ዑቕበ ምባል ተረፉ፡ ኣበባ ኪዳነ ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

መሓሪ ዓንደማርያም ኣውዓለም፡ ስወእ ሓወቦይ ግደ፡ ንዓይ መሓሪ ዓንደማርያም ለበዎ ገዛ ክልተ ክፍሊ ምስ ካንሸልኡ ስለ ዝሃበኒ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቱታ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ፍትሒ፡ ኣማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረስቲ ኑፍ/ ሃለቃ ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ ኪዳኑ፡ ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ዕዳ/ ኑፍ/ ሃለቃ ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ ኪዳነ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/መሰል 1. ሶፍያ ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ 2. ኣልማዝ ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ 3. ኣማኑኤል ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ 4. ባህራን ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ 5. ኣላይ ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ 6. ስምኦን ጉብረመድህን ጉብሪ ተኽለ፣ ብዕለት 18/09/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## Notice

Notice is hereby given to the public that **Questina Hotel PLC** in its extra ordinary meeting held on 01/11/2025 resolved that:

1. Mr. Tsegay Hagos Alibekit has donated and transferred 120 shares to Abraham Tsegay and 120 shares to Daniel Tsegay (par value 10,000 Nakfa).
2. Mrs. Leteyohanes Baryay Uqbay has donated and transferred 30 shares to Abraham Tsegay and 30 shares to Daniel Tsegay (par value 10,000 Nakfa).
3. Mr. Tsegay Hagos and Mrs. Leteyohanes Baryay have withdrawn from the company donating all their shares.
4. Hence, the new shareholdings of the company will be as follows.

| | | |
|---|---|---|
| A. Abraham Tsegay Hagos | 150 | shares |
| B. Daniel Tsegay Hagos | 150 | shares |
| Total shares | 300 | shares |

5. Mr. Abraham Tsegay Hagos is appointed as manager of the company for unlimited period.

**Questina Hotel PLC**

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ//መሰል ወረ/ኑፍ ዓብዱራሕማን ዓሊ ሳልም ብፍ/በ/ዕዳ ትካል ሞሊኖ ዲ/ምርካቶ ሓ/ዝ/ብ/ማ ኣብ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ዝተወሰነሉም ገንዘብ ክኸፍሉ ፍቓደኛ ስለዘይኮኑ፡ 1ይ ደ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ ከባ. ዕዳጋእኽሊ ንብረት ብበ/ዕዳ ተሸይጡ መኸፈሊ ዕዳ ይኹን ክበል ብዕለት 29/07/25 ቁ/መዝ 1803/24 ስለ ዝኣዘዘ፡ ንብረት ከም ትእዛዘ መሰረት ተገምጊቱ ብሓራጅ ንምሻጥ ናቕፋ 627.000 (ሽዱሽተ ሚእትን ዕስራን ሸውዓተን ሽሕ) ተገምጊቱ ዝርዝር ንብረት፦

1. (መጥሓን) መዳድ ቦኽራ ዝሰራሕ ዲፊረንሳለ ——— ዋጋ 70,000 ናቕፋ
2. መጥሓን መዳድ ቦኽራ ዝሰርሕ ዲፊረንሳ ——— ዋጋ 65,000 ናቕፋ
3. መጥሓን መዳድ ቦኽራ ብኻቢ ——— ዋጋ 80,000 ናቕፋ
4. መጥሓን መዳድ ደው ዝበለ 4 ሓብX30,000——— ዋጋ 120,000 ናቕፋ
5. ናይ መዳድ ቻሲ ፓዣሜንቶ ጥራይ ——— ዋጋ 20,000 ናቕፋ
6. መጥሓን ጥረምረ ሚሊኖ ማርቴሎ 2X35.000——— ዋጋ 70,000 ናቕፋ
7. ጸጺዪቲ ባልደንጋ ዓተርን ብርሰን ዝሰርሓ 2X30.000——— ዋጋ 60,000 ናቕፋ
8. ነፊዪቲ ባልደንጋን ዓተርን ብርሰን ዝሰርሓ 2X20,000——— ዋጋ 40,000 ናቕፋ
9. ነፊዪቲ እኽሊ ዝሰርሓ 2 ሓብ X20,000——— ዋጋ 40,000 ናቕፋ
10. ነፊዪቲ እኽሊ ደው ዝበለት ——— ዋጋ 10,000 ናቕፋ
11. ሚዛን ዓብዪ ትሰርሕ 2X10,000——— ዋጋ 20,000 ናቕፋ
12. መልሓሚ ሳልዳትሮቺ ዋጋ 5,000 ናቕፋ
13. ኮምፕረሶረ ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ
14 ደው ዝበለ ሞተር ዓበይቲ 2X5,000——— ዋጋ 10,000 ናቕፋ
15. ደው ዝበለ ሞተር ንኣሽቱ 2X2,500 ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ
16. ካቫሉቲ መቐበሊ መዳድ ——— ዋጋ 1,000 ናቕፋ
17. ካቫሉቲ መቐበሊ እኽሊ ገረወኛ 4X250 ——— ዋጋ 1,000 ናቕፋ
18. ሞተር ደፈረንስያለ ዓቢ 34 ደው ዝበለ ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ

ስለዚ ኣብዚ ዝጋበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ (5+) መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክውዳደረሉ ዝረቑሐ መጠን ገንዘብ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብተወሳኺ ኣብ ዕለተ ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕረቡ ሓራጅ ኣይቋረጽን።

ዕለት ሓራጅ ———13/01/2026

ሰዓት ዓራጅ ———4:00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ከምኡ'ውን ንብረት ክርኢ ዝደሊ ኣብ ከባ. ዕዳጋ እኽሊ ጎደና ባርንቱ ቁ/ገዛ 29 እንዳ ጠሓኒት ሞሊኖ ዲ/ማርካቶ ኣሉ ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of Trgta P.L.C. in their extraordinary general meeting held on November 13th, 2025 November 13th, 2025 have agreed to add the following business activities.

* To engage in the retail of car tires, batteries, lubricants and oils
* To engage in the retail of second hand goods used cars and their spares.

TRGTA Private Limited Company

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኣምር ኀዘ ጉብረሚካኤል ምግል ተሪፉ፥ ተኣምራት ኀዘይ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ተከኤ ዑቕባዝጊ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ሚካኤል ወልዱ ካሕሳይ፥ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፥ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሳራ ሃይለ ሓጎስ፥ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ወልደገርግሽ ጉብረመድህን ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወዱ ደማ ወረሲ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣማን ርእሶም ሰመረ፥ ኣደይ ብርኽቲ ሓድጉ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ዘቢብ ኣማኑኤል ኣርኣያ፥ ኣደይ ኣሰፋሽ ግርማይ ወልደጉብርኤል ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ዊንታ መሓሪ ኢሳቕ ምግል ተሪፉ፥ ሩት መሓሪ ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ግርማይ ኪዳነ ተስፋጽዮን፥ ኣደይ ኤልሳቤጥ መሻሾ በየነ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሚካል ዳዊት ጉብረእግዚኣብሄርን ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ስምኦን ወልደኢያሱስን ዘሎ ናይ ሓዳር ጉዳይ፥ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ኣድሓኑት ተስፋማርያም ጉብረእግዚኣብሄር፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሰናይ ስለሙን ተስፋዝጊ፥ ናይ ሰቪል ክሲ ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፥ ን16/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ካሕሳይ ሃብተስላሴ ማዘንገዕ፥ ኣቦና ሃብተስላሴ ማዘንገዕ ኣድሓናምን ኣዴና ዳዊት ተስፋስላሴ ምንያን ስለዝዓረፉ፥ 2 ኣሕዋትና ደማ መውትቲ ስለ ዝኾኑ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤፍሬም በረኸት ብርሃ ምግል ተሪፉ፥ ዓብዱራሕማን በረኸት ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሩት ግርማይ ተስፋገርግሽ፥ ኣደይ የሹ ተኽለ ክንፋት ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የርሳሌም ሃብቶም ክፍለማርያም፥ ኣቦይ ሃብቶም ክፍለማርያም ሃብተሚካኤልን ኣደይ ምንያ ጉብረያስስ ትርፈን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናታን ዓንደብርሃን ወልደጋብር ምግል ተሪፉ፥ ናታን ዓንደብርሃን በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዘውዲ ኪዳነ ሕድሪት፥ ሓብትና ተበርሀ ኪዳነ ሕድራት ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ምስ 5 ተተካእቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ረዊና ሚከኤለ ብርሃ ምግል ተሪፉ፥ ርወየት ሚከኤለ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትዕግስቲ ፍስሃ፥ ተጸዋዒ ፍናን ፍስሃጼን ጉብረኣብ፥ ናይ ኣዋት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሰላም ሃይሉ፥ ብዓል ቤተይ ግርማይ ተኽለሃንስ ተኽለማርያም ስለዝሞተ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ዘርእሰናይ ጉብረእንድርያስ ተስፋሚካኤል ምግል ተሪፉ፥ ሄርሞን ጉብረእንድርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርሳሌም በረኸት ስብሓቱ ምግል ተሪፉ፥ ሳሌም በረኸት ስብሓቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሬዳ ያሬድ ተወልደ፥ ኣቦይ ያሬድ ተወልደ ጉብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተገርግሽ ዑቕባገርግሽ ተኽሉ፥ ብዓል ቤተይ ምሕረትኣብ ተላ ዕዋሉ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልጋሽ በየነ ክብሮም፥ ስም ኣደይ ግደይ ጉብረድንግል ምግል ተሪፉ፥ ግደይ ደብረድንግል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ክፍለ ተኽሉ፥ ብዓል ቤተይ ፈንቶስ ኣርኣያ ጉብረመድህን ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ስምኦን ጉብረ ወልደኣብ፥ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ለተርፍኤል ደሰታ፥ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ለተኺዳን ዑቕባእንድርያስ፥ ብዓል ቤተይ ጥዑምዝጊ ጉብረክርስቶስ ደሞዝ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገረዳ ቀሺ ተስፋይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ መትከል ካሕሳይ ጉብረማርያም፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ዘርእሰናይ ዳዊት ኣርኣያ ምግል ተሪፉ፥ ሰናይ ዳዊት ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑበዩ/ኑባይ ተስፋገርግስ ምግል ተሪፉ፥ ኑይ ተስፋገርግስ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሙተጽዮን ሰርጸ መሓሪ ምግል ተሪፉ፥ ኣሙተጽዮን ሰርጸይ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምረት በርሀ ጉብረገርግሽ፥ ኣደይ ሂወት ኪዳነ ወልደገርግሽ ስለዝዓረፈት፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዚቃወም እንተሎ፥ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ወ/ሮ ፍሩታ ቀለተ ዳኒኤል፥ ዝተፈቕደለን ናይ ፋስት ፉድ ንግዳዊ ትካለን፥ “ዳዕሮ ፋስት ፉድ” (DAERO FAST FOOD) ተባሂሉ ክጸዋዕ ዝደልየን ስለዝሓተታ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዚቃወም ኣካል እንተሎ፥ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዚቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሮማ ወልደማርያም ዓንደማስቀል ዝተበሃልኩ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ብስም ወ/ሮ ቅድስቲ ወልደማርያም ዓንደማስቀል ዞባ 6 ምምሕዳር 08 ቁ.ገዛ 11 ጎደና 804 ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 112512 መወከሲ ቁጽሪ 113581 ናይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ ረኺብኩም ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሒዝኩም ኣለኹ ዝብል ሰብ ብቑጽሪ ተሌፎን 07188240 ቀሪቡ ክረኽበኒ እንተዘየለ መተካእታ ክውሃበኒ ኩሉትት ምዃነይ እሕብር ኣለኹ።

ወ/ሮ ሮማን ወልደማርያም ዓንደማስቀል

---

ብስም ነ/ሄር ወ/ሮ ቅድስቲ ወልደማርያም ዓንደማስቀል ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይ-ተመናይ ጎደና 804 ቁ.ገዛ 11፣ፕሎት 18 ፓርሰል N ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 112512 ብመወከሲ ቁ.113581 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብውርሲ ናብ ጓለን ወ/ሮ ሮማን ወልደማርያም ዓንደማስቀል ስም ዋንነት ክመሓላለፍ ስለዝደለና ዚቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ይግባይ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃና ንሕብር ።

ወ/ሮ ሮማን ወልደማርያም ዓንደማስቀል

---

Alliance Française
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እናተመነየ ሰሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 12 ጥሪ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎደና ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮና ረስቶራንት እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣዜብ ገብረኪዳን ሃይሉ፡ ኣቦይ ገብረኪዳን ሃይለ ደሞዝ ስለዝዓረፈ፡ ኑዴና ኣዞሚት የውሃንስ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ ኣነ ምስ ሓወይ ከኣ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ጺጋይ ሰጊድ፡ ወከል ኣለምሰገድ ሮኽረጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ተስፋህይወት እስቲፋኖስ ሰዩም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፊሊ. ጆማል ካሕሳይ፡ ካብ ዓፀይ ነፍ/ ጸገወይኒ ገብረጽዮን ዓ/ሚካኤል ብለበዋ ንኣሞይን ሎረንሲና ፐርሜሪ ዋንነታ ዝኾኑ ገዛውቲ ኣብ ከተማ ኣስመራን ኣብ ደባርዋ ዝርከቡ ስለ ዘውረሰትና፡ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምስጋና ተስፋይ ክፍሉ፡ ኣቦይ ተስፋይ ክፍለ ፍጡር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብረሀት ገብረህይወት ተኽሉ፡ ወደይ ሰረቀ ብርሃነ መሓሪ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወይኒ ዘርኦስ ሃብቶም፡ ብዓል ቤተይ ሳምሶን ረዳኢ ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የናስ መተካን ወልደማርያም ምባል ተረፉ፡ ማሪና ኖሚ ኣለክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳባ ኣድሓኖም ዘውደ ምባል ተረፉ፡ በትረማርያም ኣድሓኖም ዘውደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ልዋም ተኽለ ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ትርስተየናስ ተኽለ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ኣብርሃ ተመልሶ፡ ተኸሳሲ በራኺ ተኪኤ ገብረዮሃንስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንሕብር፡፡

ኣበባ ሃብቶም፡ ወለደይ ሃብቶም ዑንተራ ገብሩን ለተብርሃን ሓጎስ ዑቕባን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሴም የውሃንስ ሰዩም ምባል ተረፉ፡ ያሲን የውሃንስ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓሻ ሓምድ ዓሊ ሑመድ ምባል ተረፉ፡ ዓሻ ኣሕመድ ዓሊ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና እድሪስ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ዓሊ በኺት መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ለተኺዳን ዓንደ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ኣብራሃም በርሀ ገብረመድህን ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ ኣረራ ለበን ተስፋይ፡ ት/ዕድመ መድሃኒ ካሕሳይ ነጋሽ ምባል ተረፉ፡ ቅዱስ ካሕሳይ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ጠዓመ ተስፋኣለም፡ ተኸሳሲት ብዓልቲ ቤተይ ኣልማዝ ገብሮ ፍሩይ ደሃይ ስለ ዘይብላ፣ ፍትሕ ናብ ቤት ዘመድ ክምርሓለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ተኪኤ ኣረጋይ፡ ት/ዕድመ ወደይ ኣዳም ዘርኤ ተኽላይ ምባል ተረፉ፡ ኣደም ዘርኡ ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ምልእተ ገ/ሚካኤል ሰቛር፡ ስም ኣደይ ለተገብርኣኤል ገብረሂወት ምባል ተረፉ፡ ኣበባ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

እሙና ዐስማን ስቲ፡ ተጸዋዒ ኣሳድግ ዓ/ቃድር፡ ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ዝተወልደ ቃሰም ኣሳድግ ዓ/ቃድር ክራር፡ ንሰበኣይ ሓብተይ ሞዝዚት ናቱ ክኸውን ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣምና ጀምዕ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ኣበብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ልዋም የሃንስ ምባል ተረፉ፡ ልዋም ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ኣሰካሉ በርሀ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ኣዛናው ገብረክርስቶስ ምጃቶ ስለዝተሰውኡ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

መሓመድ ስሌማን ጨዋይ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ስሌማን መሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣሚነ ሃብተ ተስፋኣለም ምባል ተረፉ፡ የሴፍ ሃብተ ተስፋኣለም፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሓጎስ ተወልደ ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ ሓጎስ ኣብርሃ እያሱ ኣመናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣቶ ኣደርስ መሓመድ ዑመር ኣኪቶ፡ ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ቀሪቡ ዝበሎ ቃል፡ ሓወ ኣቦይ ነፍ/መሓመድ ዑመር ኣኪቶ ስለዝዓረፈ፡ ወዲ ምንኣስ ሓወይ ስለ ዝኾነ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ናብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ይቕረብ፡፡

ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 08 ጎደና-411/A ቁ.ገዛ -1 ብቁ.ምስክር ወረቐት 105814 መወከሲ ቁ122177 ሎታ 56 ስፍሓት መሬት 48.80 ት/ሜ 4 ቀንዲ ክፍልታት ዝተደኾና ተራ ገዛ፡ ብስም ዓቢዩና ነፍ/ብርኽቲ ግርማጼን ማሉ ዝተመዝገበ፡ ወለድና ነፍ/ሃብተሚካኤል ተኽለን ነፍ/ሕርይቲ ተኽለን ካብ ዓቢዩና ብውርሲ ዝተቐበልዎ፡ ንሕና ደቆም ካብ ወለድና ብውርሲ ዝበጽሓና ናብ ስምና ክሰጋገር ስለዝኾነና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ ማሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ናይ መውዓእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኳይሩ) ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምኻንና ንሕብር፡፡

የማነ ኪዳነ ተስፋይ +2
ብርሃነ ሃብተሚካኤል ተኽለ +6

ብስም ክፍለ ተወልደ ሃብተ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00042865 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣቦሻውል ጎደና ፊልክት ሻይብ ቁ.ገዛ 470 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ሰባሁቱ ዳኘው ገብረታትዮስ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣቦሻውል ጎደና 132-1 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 29/11/2025 ክሳብ ዕለት 28/11/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ክፍለ ተወልደ ሃብተ

ኣነ ኣቶ ኣብራሃም ኢማን ማኢል፡ ሸያጢይ፡ ናብ ዓዳጊ ኣቶ ኢያሱ በየድ እድሪሱ፡ ኣብ ሞንጎና ዝገበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ጎደና 713-22 ቁ.ገዛ ፕሎት 42 ፓርሰል L1 ስፍሓት 250 ት/ሜ ቁ/መዝገብ ንብረት (ካዳስተር) 1:003873 ዝርከብ፡ ናይ ኮምሸን ኣባይቲ ምስክር ዋንነት ልብሬቶ 1632/2009 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብመሸጣ ብዘለዎ መተኣማመኒ ሰነድ ናብ ስሙ ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሕዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣብራሃም ኢማን ማኢል

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/ምክልኻል ንሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ዘድሊ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ ኣሕምልትን ፍረታትን በረበሬ እንቋቑሖን ክዕድግ ስለ ዝደለየ፡ ሕጋውያን ተሟረትቲ ይዕድም፡፡

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
2. ተሟረትቲ ቅዳሕ ናይ 2024 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2024 ግብሪ መኽፈልቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ፡፡
3. ተሟረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ኣምፕፕሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ/ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ፡፡ ቁ/ተሌፎን 187616/209033
4. ሰነድ ጨረታ ብዕሹግ ደብዳቤ ብምቕራብ፡ ዕለት 21/01/2026 ሰዓት 9፡30 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ይበጽሕ፡፡ ዕለት 21/01/2026 ሰዓት 9፡30 ቅ/ቀ ተሟረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ ኣብ ቤ/ጽ PX ኣምፕፕሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ/ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት፡፡
5. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ የቕርብ፡፡
6. ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ንብምሉእ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል
ቾ/ዕድግን ምቁ/ንብረትን
ቴሌ 209038/187616

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና 800 ቁ.ገዛ 98 ሎታ 23 ፓርሰል E ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ 4+ ቀንዲ 3+ ተሓጋጋዚ ክፍልታት ዝተደኾና፡ ብስም ነ/ሄር ሮማ ፍስሃየ መርእድ ዝተመዝገበ፡ ናተይን ናይ ሓደ ነ/ሄር ሓወይን ብውርሲ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾነኒ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኳይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር፡፡

ሙና ኢብራሂም መሓመድ

# ንቑሕ ደበና

ሂለን መኸታ

## ሓድሽ ዓመት ፡ ሓድሽ...

### ንምንታይ ኢና ሓድሽ ዓመት ምስ ሓድሽ ለውጢ ነተኣሳስሮ?

ሓድሽ ዓመት ክቃረብ እንከሎ፡ ብዛዕባ እታ ትመጽእ ዓመት ምሕሳብ እናበዝሐ እዩ ዝኸይድ። እታ ትዛዝም ዘላ ዓመት እናዘከረና ካብኣ ዝተመሓየሸ ህይወት ንምቕጻል፡ ዝሕሰብ ጽቡቕ ሓሳብን ዝውጠን ናይ ለውጥን ዕቤትን ውጥንን ብዙሕ እዩ። ሓድሽ ዓመት ካብቲ ዝሓለፈ ዓመታት እንታይ ዝፈሊ ስለ ዘሎዋ ኢና ናይ ለውጢ ዓመት ክትከውን ተስፋ ነንብረላ? ንምንታይከ ወርሒ ጥሪ ብልዑል ድርኺትን ጽቡቕ መንፈስን ንጅምራ? ምሁራት ስነ ልቦና ነቲ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ዝስምዓና እወታዊ ስምዒትን ጸዓትን፡ “ጽልዋ ሓድሽ ምጅማር፡” ኢሎም ይሰምዩዎ። እዚ ሓሳባዊ ውካለ፡ ዝሓለፍናዮ ዓመት ተመሊስና ክንግምግም፡ ብዛዕባ ውላቃዊ ዕቤት ክንሓስብን ኣብ ዝመጽእ ዓመት ሓድሽ ውጥን ክንሰርዕን ይጸሉ። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ እዚ ቅንያት'ዚ ድምር ናይ ተስፋን ድልርኺትን፡ ከምኡ ከኣ ጸቕጥን ጭንቀትን ዝኸውን።

ሰብ ኣብ ዝወጠኖ መዓልቲ ወይ ዕለት ክልወጥ ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ብጻዕቂ ናይ ለውጢ ሓሳብን ድርኺትን ይሰምዮ። ገለ ካብቲ ምኽንያት፡ ሓድሽ ዓመት ኣብ ኣእምሮና ስኢሉዎ ዘሎ ናይ ግዜ መቓን እዩ። ሰባት ብተፈጥሮና ሓደ ነገር ተጀሚሩ ምስ ዝዛዘም ናይ ስምዒትን ድርኺትን ፍልልይ ነርኢ ኢና። ንኣብነት፡ ትምህርቲ ዝጅመረሉ ግዜ፡ ሰሚስተር ዝዛመለሉን ዓመተ ትምህርቲ ዝዛዘመሉን ግዜ ዝስምዓና ስምዒትን ዝህልወና ድርኺትን ነንበይኑ እዩ። ስለዚ፡ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ልክዕ ከምቲ ናይ ካልእ ህሞት፡ ኣብ ምጅማር ሓድሽ ስምዒት፡ ሓሳብ፡ መደብ፡ ድርኺት፡ ... ክስምዕና ንቡር ይገብሮ።

ናይ ሓድሽ ዓመት ስምዒትን ድርኺትን ብፍሉይ ዝሕይለሉ ረቛሒ፡ ምስ ብርክት ዝበሉ ካልኦት ሰባት ወይ ሕብረተሰብ ብሓባር ኴንና ስለ እነተግብሮ እዩ። እዚ ሓባራዊ ባህሊ ወይ ልምዲ ነቲ ውሽጣዊ ድርኺት ሃልይዎ ንለውጢ ዝብገስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ሓሲቡሉ ዘይፈልጥ ሰብ'ውን ናይ ለውጢ ድርኺት ከፈልፍል ይኽእል። እቲ ዝዓበየን መሰረታውን ረቛሒ ግን ሰባት ንለውጥን ዕቤትን ዘሎና ባህጊ እዩ። ኣብ ሓድሽ ዓመት፡ ዕለተ ልደትና፡ ትምህርቲ ምስ ዛዘምና፡ ካብ ሓደጋ ምስ ደሓና፡ ተወዳዲርና ምስ ተዓወትና፡ ወዘተ ኣመኽኒና ክንልወጥን ዝሓሸ ህይወት ክንመርኽን ንብህግ ኢና። ሓድሽ ዓመት ከኣ ዳርጋ ንኹሉ ህዝቢ ዓለም፡ ሓባራዊ መመኽነይታ ንለውጥን ዕቤትን ኮይኑ ንኣሸሓት ዓመታት ቀጺሉን ይቕጽል ኣሎን።

ዓመት ክውዳእ ከሎ፡ ኣብ ሓንጎልና ዝመጽእ ክምለስ ዘሎዎ ናይ ነብሰ ገምጋም ሕቶታት ኣሎ። ‘ዓመት ምሉእ እንታይ ገይረ?’ ‘ዓሚ ኣበይ ደረጃ ነይረ? ሎሚ ዓመትከ እንታይ ምዕባለ ኣምጺአ?’ ‘ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክገብሮ ዝተመባጻዕኩዎ ገይረዮዶ?’ ... ዝኣመሰለ ሕቶታት ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝቕልቀል ሕቶታት እዩ። እዚ ሕቶታት ኣብ ርብዒ ወይ ፍርቂ ዓመት ኣይመጽኣናን እዩ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ግን፡ ልክዕ ከም ኦዲተር፡ ግዜና ኣበይ ከም ዘውፈርናዮ ከወራረድ ይመጽእ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ከለና ከኣ ዝጐድለና ነገራት ንእገረ መገድና ንረክብ እሞ፡ ‘ንዓመታ ...’ ኢልና ከም ብሓድሽ መደብ ንገብር። ዝመደብናዮ መደባት ከም ዘየተግበርናዮ ምስ ገምገምና፡ ዝበዛሕና ዓመት ምሉእ ስለ ዝኸሰርና ጽቡቕ ስምዒት ኣይህልወናን። ጽንብል ሓድሽ ዓመት ግን ተስፋ ናይ ምስናቕ ባህሊ ስለ ዘሎዋ፡ ከም ብሓድሽ ንዓመታ ጽቡቕ ብምምናይን መደባት ብምስራዕን ንቕበላ።



### ኣብ ሓድሽ ዓመት ለውጢ ከነምጽእ ዝሕግዙ 10 ነጥብታት

1. ንጹርን ሓያልን መረዳእታን ትርጉምን ናይቲ ዝመደብናዮ ለውጢ ምህላው
2. ብግዜን ዓይነት መደብን ዝተቓነየ ውጥን ምድላው
3. ንመደባትና ቀዳምነት ምሃብ
4. ቀጻሊ ምክትታልን ገምጋምን
5. ልዑል ክእለት ምሕደራ ግዜ
6. ርእሰ ምልኪ ወይ ዲሲፕሊን
7. ርእሰ ተኣማንነት
8. ምሕደራ ጸቕጢ
9. ተዓጻጻፍነት
10. ሓገዝ ክትሓትት ቅሩብ ምዃን

## መደባት ሓድሽ ዓመትና ክውንነቱና

ስለምንታይ ዝበዛሕና ኣብ ሓድሽ ዓመት ብፍሉይ ንለውጢ ንሃርፍ? “ሓድሽ ዓመት እኮ ልክዕ ከምቲ ካልእ መዓልቲ እያ፣ ኣብ ዝደለናዮ ካልእ መዓልቲ ለውጢ ክንገብር ንኽእል ኢና፡” ዝብል ርእይቶ ዘሎዎም ሰባት ኣለው፣ “እዚ ንቑልዓ ክብላ ይበልዓ! እዩ፡ ” ዝብሉ'ውን ኣለው። እሞ ንቑልዓ ክብላ እንተ በልዓ እንታይ ጸገም ኣሎዎ? ኣብ ሓድሽ ዓመት እንምነዮ ምንዮትን ናይ ለውጢ ድርኺት፡ እወታዊ ውጽኢት ንምምጻእ ክሳብ ዝኾነ፡ ‘ትርጉም ኣልቦ እዩ’ ክበሃል ኣይከኣልን። ሓድሽ ዓመት ኣመኽኒና ጽቡቕ ክንምነን ንዕቤትና መደብ ከነውጽእን ይሓይሽ እምበር። እቶም ኣብ ሓድሽ ዓመት ንለውጢ ዝቃወሙ ግን ነቲ ለውጢ ዘይኮነ፡ ኣብ ክውንነቱ ካብ ዘይምትእምማን ዝብገስ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ዓመት መጽአ ብርክት ዝበሉ ሰባት፡ ዝነበሮም ጉዳኢ ወልፊ ክሓድጉ፡ ዝተባላሸወ ዝምድናታቶም ከመዓራርዩ፡ ዘይፈትዉዎ ባህሪኦም ከዐርዩ፡ ዘማዕብሎም ትምህርቲ ወይ ስልጠና ክወስዱ፡ ወዘተ ኣብ ሓድሽ ዓመት መደብ ይገብሩ እዮም። ክንደይ ካብዚ መደባት ኣብቲ ዓመት ይፍጸም ግን ንኹላትና ዝተኸወለ ኣይኮነን። ገለ ካባና'ውን ዓሚ ዝወጠናዮ ስለ ዘየተግበርናዮ፡ ሎሚ ዓመት ደጊምና ከም መደብ ሒዝናዮ ንህሉ ኢና። ነዚ ብዝምልከት፡ ብ2023 ‘ዲስካቨር ሃፒ ሃቢት’ ኣብ ዝብል መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ካብ ዝምደቡ መደባት፡ 91% ከም ዘይትግበሩ ተገሊጹ ይርከብ። ገለ ካብቲ ጥንቅታት፥

#### 1- ብመጽናዕትን መረዳእታን ዘይኮነ ብጽልዋን ሃውርን ንለውጢ ምውሳን

መደብና ብዘይ ተመሓደረ ስምዒታት ተኾርኲሩ ይእቶ ምስ ዝህሉ፡ ተግባራውነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ይኽእል። ገለና'ውን ብዓርከ መሓዛ ተደፋፊእና መደብ ንገብር ኢና። መደብና ዋላ እወታዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ይኹን፡ ፈቲናን ብመረዳእታን ምስ ዘይንኣትዎ፡ ንምትግባሩ ዝሕተት ዋጋ ክንከፍል ኣይንኽእል። ስለዚ፡ መደብ ከነውጽእ ከለና፡ ንኽውንነቱን ተግባራውነቱን ብዕምቈት ሓሲብና ክንኣትዎ የድሊ። መደብና ተተግባሪ ድዩ ኣይኮነን ንምርግጋጽ፡ ምኽሪ ካልኦት ክንሓትት ንኽእል ኢና። ካልኦት ስለ ዝገበሩዎ ወይ ብስምዒት ጥራይ ተደፋፊና መደብ ምስራዕ ግን ተመራጺ ኣይኮነን።

#### 2- መደብና ካብ ሓሳብን ትምኒትን ናብ ተጨባጢ መደብ ዘይምቕያር

ናብ መደብ ዘይተቐየረ ሓሳብ፡ ካብ ጽቡቕ ትምኒት ኣይሓልፍን እዩ። ናይ ለውጢ ሓሳብና ናብ ተተግባሪ ንጥፈት ክቕየር እንተ ኮይኑ፡ ብግቡእ መደብ ክወጽኦ የድሊ። መደብ ከነውጽእ ከለና፡ ፈለማ እንታይ ንደሊ ኣለና ብንጹር ምስፋር ከድልየና እዩ። ኣብ ስራሕ ምስ ኣተና፡ ብመደብና ንኸይድዶ ኣለና? እቲ ዝደለናዮ ውጽኢትከ ንረክብዶ ኣለና? ዝፍትሽ ገምጋም ከኣ ኣገዳሲ እዩ። ገምጋም ምስ ገበርና ዝጐድለና ኣለሊና መደብና እናኣመዓራረና ክንስጉም ከኣ ንኽእል። ዝበዛሕና፡ ብዛዕባ'ቲ ዝመደብናዮ መደብ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ምስ በጻሕና ኢና እንግምግም። እዚ ከኣ ኣብ መስርሕ ክመዓራረ ዝነበሮ ጉዳይ፡ ኣብ ግዜኡ ካብ ምጽጋን ክዕንቅጸና ይኽእል። ስለዚ፡ መደብና ናይ ገምጋምን ጽገናን ንጥፈታት ከጠቓልል ኣገዳሲ እዩ።

#### 3- ቅድመ ምድላው ዘይምግባር

ክንገብሮ እንደሊ ለውጢ ብመልክዕ ንጥፈት ሓሲብና ኢና እነስፍሮ። ዝመደብናዮ መደብ ክዕወትን ዘይክዕወትን ኣብ ብርክት ዝበለ ረቛሒታት ይምርኰስ። ልምድና ሓደ ካብቲ ረቛሒ እዩ። ዝበዝሐ ካብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ብልምድና እዩ ዝምራሕ። ሓድሽ ለውጢ ክንገብር ምስ እንደሊ ከኣ እቲ ቀዳማይ ተጻባኢ ኮይኑ ዝጸንሕ፡ ልምድና እዩ። ባህግና ዝደረኾ፡ ኣንጊህና ናይ ምትንሳእ ባህሪ ከነማዕብል መደብ እንተ ገይርና፡ እቲ ኣርፊዱ ምትንሳእ ዝለመደ ነብስና፡ መደብና ከዕንወልና ይኽእል። ዝበዝሐ ናይ ለውጢ ባህግና፡ ዕምሩ ካብ ጥሪ ኣይሓልፍን እዩ። ኣብ ቀዳማይ ወርሒ ሓሳብና ከነተግብር ብልዑል ባህጊ ኢና እንብገስ። እንተኾነ፡ እቲ ንዓመታት ተሓንጊጥናዮ ዝጸናሕና ባህሪ ክንቅይር፡ ጥቡብን ዓቕልን ጉዲልና ስለ ዝጸንሕ፡ ተበግሶና ቀልጢፉ ክቕህም ንርእዮ። ነዚ ንምውጋድ እምበኣር፡ ኣብዚ ዝመጽእ ሓድሽ ዓመት መደብ ክንህንድስ ከለና፡ ቀዲምና ንመደብና ዘደሊ ልምድታትን ክእለታትን ኣማዕቢልና ክንጸንሕ ይግባእ። ኣብ ህይወትና እንገብሮ ለውጢ ምስ ባህርና ምርጻሙ ከም ዘይተርፍ ተገንዚብና፡ ንናይ ባህሪ ለውጢ ዝሕግዝና ጥበባት ክንመሃርን ከነማዕብልን ኣገዳሲ እዩ።

#### 4- ትሑት ነብሰ ምልክን ዲሲፕሊንን

ለውጢ ክትምነዮ እምበር ከተተግብሮ ልዑል ዲሲፕሊንን ነብሰ ምልክን ይሓትት። ለውጢ፡ ብርክት ዝበለ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ዘይምቹእነት ክፈጥር ዝኽእል መስርሕ ብምሕላፍ እዩ ዝረጋገጽ። ንለውጢ ቅሩባት ምዃንና ብኸመይ ከነረጋግጽ ንኽእል? ኣብ መስርሕ ለውጢ ከጋንፍ ዝኽእል ብድሆ፡ ዋላ'ኳ ብምልኣት ክንፈልጦ ኣይንኽእል፡ ካባና ዝሕተት ልዑል ዓቕምን ዲሲፕሊን ከም ዘሎ ግን ንስሕቶ ኣይብልን። ዝበዛሕና ከኣ ንለውጢ ዝሕተት ዲሲፕሊናዊ ብቕዓት ስለ ዝጎድልና ኢና መደብና ካብ ምግባር እንበኩር። ‘ንዓመታ ጥዕናይ ንምሕላው ኣመጋግባይ ክሕሉ እየ፡ ’ ኢልና ንሕልን ኢና፣ ዓመት ምስ ተወድአ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ምስ እንግምግም ብምስግጋር ሓሳብና ከየተግበርና ንጸንሕ። ዝበዛሕና ንደጋዊ ንጽልዋን ጸቕጥን ክንጻወር ብቕዓት ስለ ዘይጸንሕና እዩ። ስለዚ፡ መደብና ንምትግባር ነብስና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣከባቢና'ውን ኣካል'ቲ ለውጢ ክኸውን ክንሰርሕ ኣገዳሲ እዩ።

#### 5- ትሑት ነብሰ ኣምር

መደብና ንኸይትግበር ካብ ዝዕንቅጽ ብድሆ ሓደ፡ ነብስኻ ኣተዓባቢኻ፡ ብኣንጻሩ ንመደብካ ኣነኣኢስካ ምርኣይ እዩ። መደብና ኣብ ብቕዓትና ስለ ዝምርኰስ፡ ተግባራዊ ድዩ ኣይኮነን ቀዲምና ክንጽንዮ የድሊ። ኣብ ፈለማ ብነብስና ተኣሚምንና እንምድቦ መደብ ከይተረፈ፡ ኣብ መስርሕ በዳህቲ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል እዩ። ነዚ'ውን ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ኣብ መስርሕ ደጋጊምና ነብስና ክንፍትሸን ናይ ምሕያል መደባት ክህልወናን ይግባእ። መደብና ብመንጽር'ቲ ዝወጠናዮ ምስ ዝኸይድ ከኣ ነብስና ምትብባዕ ሓጋዚ እዩ። ገለ ገለ ክሕለፍ ዘይክእል ብድሆታት ብምግጣሙ መደብና ምስ ዘይነተግብር፡ ተመኵሮና ብቕንዕና ገምጊምና፡ ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ተበግሶ ክንወስድ ንኽእል።

***

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ረቡዕ 24 ታሕሳስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

እዚ ውድድር፡ 15 ጋንታታት ኣብ ክልተ ምድብ ከፋፊሉ እዩ ዝተኻየደ ዘሎ። ኣብቲ ዕለት ከኣ፡ ኣኸርያ ምስ ገጀረት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ገዛ ጣንዳ ተጋጢመን።

ቀዳማይ እብረ ጸወታ ኣኸርያን ገጀረትን 1-ብ1 ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣኸርያ ሰለስተ ሸቶታት ብምውሳኽ ንሓንቲ ሸቶ ዘመዝገበት ገጀረት 4-ብ2 ረቲዓታ። ዕዳጋ ሓሙስ ድማ፡ ንገዛ ጣንዳ 2-ብ0 ኣሲሩፋታ።

እዚ ውድድር፡ ረቡዕን ቀዳምን ኣብ ካምፖ ቺቺሮ ክካየድ እዩ ተሰሪዑ ዘሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ 15 ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ናብ ዘዋራት ዋንጫ ዞባ ማእከል ንምሕላፍ መጻረዪ ጸወታ ከካይዳ ጀሚረን። ሸውዓተ ጋንታታት ማለት ኣኸርያ፡ ንግዳዊ ጣንቃ፡ ከብሕያ ህንጻ ሳዋ፡ ደንደን 'ቢ' (ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ደንደን)፡ ኣልታሕረር 'ቢ' (ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ኣልታሕረር)፡ ጉዳይፍን ገዛ ጣንዳን ሓሊፈን ኣለዋ። ኣብቲ ውድድር ከኣ፡ ምስ ናይ ቀዳማይ ድቪዥን ተጻምቢረን ናይ ኣውዲቶካ ምሕላፍ ጸወታታት ክሰላስላ መደብ ተታሓዚሉን ምህላው፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ቦብ፡ ብምምጻእ ሰመንዮ . . .

ማን ሲቲ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ንኣንቶኖ ሰመንዮ እንተኣፈሪምቶ፡ ኣሰልጣኒ ቦብ ካብታ ክለብ ክወጽእ ከምዝኽእል ጋዜጣ ደይሊ መይል ሓቢራ።

ሲቲ፡ ቦርንማውዝ 65 ሚልዮን ፓውንድ ንዝሸጠቶ ሰመንዮ ንምፍራም፡ ዝያዳ ሰጉማ ምህላዋ ይግለጽ፣ ንሱ'ውን ምርጫኡ እዛ ማንቸስተራዊት ክለብ እያ። ከም ወጽኢቱ፡ እዛ ክለብ፡ ምርጫኡ ምኳና ድሕሪ ምፍላጣ፡ ንዘሰለፉሉ ቦታ ኣጣጢሓትሉ ክትጸንሕ እያ ትሓስብ።



ብምምጻእ ናይ'ዚ ጋናዊ ኣጥቃዓይ ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ናይ መጻኢ ኣገደስቲ ተጻወትቲ ናይ'ዛ ጋንታ ክኸውን ትጸበ ዝተገብረሉ - ቦብ፡ ናይ ምስላፍ ዕድሉ ክስሕው ይግመት። በዚ ከኣ፡ ክወጽእ ኣብ ግምት ከምዝኣትዎ እታ ምንጪ ትሕብር።

ብዘይካ'ዚ፡ ብርክት ዝበሉ ክለባት፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ኖርዌጃዊ ወዲ 22 ዓመት ኣከፋፋሊን ናብ ክንፊ ኣጥቃዓይን ተጉዓዝቱ ኣርእዮን ኣለዋ። ሓንቲ ካብኣን ድማ፡ ጀርመናዊት ክለብ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ እያ።

ቦብ፡ ኣብዚ ወቅቲ ኣብ ትሽዓተ ናይ ፕሪመር ሊግ ብድምር ኣብ 15 ግጥማት ክለቡ ተሰሊፉ ኣሎ፣ ሓንቲ ናይ ሸቶ ዕድል ድማ ሃንዲሱ።

## ኣርሰናልን ክሪስቲማስን




መራሕቲ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣብዘን ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ንሳልሳይ ግዜኣ እያ፡ ናብ ክሪስቲማስ (ናብ ትማሊ 25 ታሕሳስ) መራሒት ኮይና ኣትያ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ 2022-23 ከምኡ'ውን 2023-24 ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዛ ናብዚ ናይ ፈረንጂ በዓል ኣትያ። እንተኾነ፡ ብማን ሲቲ ተበሊጻ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ካብ ምዕታር ተዓንቂጻ።

መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክሪስቲማስ ነዚ ሊግ ምምራሕ፡ ዋንጫ ናብ ምዕታር ዝሓሸ ዕድል ከምዝፈጥር የርኢ - ታሪኽ ናይ'ዚ ውድድር። ንኣብነት ሳዕለዋይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ፡ ኣብ 1992 ስሙ ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝቕየር ንደሓር ኣብ ዝሓለፉ 33 ዓመታት፡ እተን 17 ኣብ ክሪስቲማስ መራሕቲ ዝነበራ ክለባት ዋንጫ ኣልዒለን - 51.5 ሚእታዊት ምኳኑ እዩ።

ብሓፈሻ ካብ 1888 ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ተባሂሉ ካብ ዝጅመር ዘሎ 126 ዓመታት ግና፡ እተን 56 ጋንታታት ጥራይ እየን ተዓዊተን - 44 ሚእታዊት። ኣብቲ ግዜ፡ ኣርሰናል፡ ኣብ ሸውዓተ ዓመተ-ውድድራት መራሒት ኮይና 25 ታሕሳስ ረጊጻ፣ ሸዱሽተ ካብኡ ከኣ ከምዝዘዓወተትሉ ይግለጽ - ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 1952-53። ኣብታ ሻውዓይቲ ናይ 1980-81 ግና፡ ናብ ሳልሳይቲ ተዀምጢላ።

ብመንጽሩ፡ ስም ናይ'ዚ ውድድር ፕሪመር ሊግ ካብ ዝቕየር (1992) ንደሓር፡ እዛ ለንደናዊት ክለብ፡ ምስ ናይ 2002-03 ከምኡ'ውን 2007-08 ደሚርካ፡ ንሓሙሻይ ግዜኣ ናብ ታሕሳስ 25 መራሒት ኮይና በጺሓ። ኣብ 2002-03፡ ክሳብ'ታ ዕለት ብሸሞንተ ነጥቢ ትቕድማ ንዝነበረት ማን ዩናይትድ ኣሕሊፉ ሂባታ፣ ካልኣይቲ ወዲኣ።

ኣብ 2007-08 እውን፡ ኣርሰናል፡ ንማን ዩናይትድ በለጽታ እኳ እንተነበረት፡ ዋንጫ ዩናይትድ ኣልዒላታ፣ ቸልሲ ስለ ዝቐደመታ'ውን ሳልሰይቲ ወዲኣ። እዚ ማለት፡ ኣርሰናል፡ እዚ ውድድር ስሙ ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝቕየር ክሳብ'ታ ዕለት ኣብ ዝመርሓትሉ እዋናት፡ ዋንጫ ኣልዒላ ኣይትፈልጥን። ሎሚ ዓመት ከ?

**ስለምንታይ ኣብ ክሪስቲማስ መራሕነት ምሓዝ ጥቕሚ ዘለዎ?**

* ስነ-ኣእምሮኣዊ ረብሓ፡ ከምቲ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚኬል ኣርቴታ ዝበሎ፡ ርግጸኛነትን ርእሰ ተኣማንነትን የዕቢ።

* ዝያዳ ናብ ዓወት ግምት፡ ብፍላይ ድሕሪ 1992 ልዕሊ ፍርቂ ናብ ክሪስቲማስ መራሕቲ ኮይነን ዝበጽሓ ክለባት ተዓዊተን እየን።

እዚ ግና፡ ምሉእ ውሕስነት ኣለዎ ማለት ኣይኮነን - ኣርሰናልን ሊቨርፑልን ኣብነት እየን። ሊቨርፑል፡ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝጽዋዕ ሓሙሽተ ግዜ ክሳብ ክሪስቲማስ መራሒ ክንሳ ወዲቓ እያ። ይኹን እምበር፡ ናይ 2019-20 ከምኡ'ውን ዓሚ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ብምልዓል ተደቢሳ እያ።

ብመንጽሩ ኣርሰናል፡ ድሕሪ'ታ ምቅርቲ ናይ 2003-04 ዓወት ናይ እዚ ሊግ፡ ዛጊት ንዝሓለፉ ልዕሊ ክልተ ዕቑድ ከይተዓወተት ትገዓዝ ብምህላዋ እዩ ገለ ወገናት፡ መራሕነት ኣርሰናል ኣብ ክሪስቲማስ 'መርገም' እዩ ዝብሉ ዘለው።

**ብድህሆታት ኣርሰናል**

* ጸቕጢ፣ ብፍላይ ናብዘን ዳሕረዎት ክልተ ዓመተ-ስፖርት፡ ጸቕጢ ማን ሲቲ ግዳይ ገይሩዋ እዩ። ሲቲ፡ ድሕሪ ክሪስቲማስ ብዙሕ ግጥማት ብተኸታታሊ እናተዓወተት ትገዓዝ እያ። እዚ ናይ ሲቲ ድሕሪ ክሪስቲማስ ዘሎ ሓያል ጉዕዞ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኑዋ ዘሎ እዩ። ብመንጽሩ ኣርሰናል፡ ተደጋጋሚ ነጥቢ ተጥፊኣሉ ግዜ እዩ - ድሕሪ 25 ታሕሳስ።

ብዓብኡ፡ ሲቲ፡ ናብዘን ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ ወቕቲታት ክሳብ 25 ታሕሳስ ንዝነበራ ክለባት ገምጢላ ዋንጫ ዘልዓለት ምኸርቲ ክለብ እያ - ኣብ 2018-19 ከምኡ'ውን 2020- ሊቨርፑል ግዳይ ገይራታ ብምንባራ።

* ዕምቈት ጋንታ፣ ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ ኣርሰናል፡ ብሉጻት እየም፣ እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ሰሪ ድኻም መጉዳእቲን ንሓደጋ ተቓሊዒ።

ከም ወጽኢቱ፡ ኣብቲ ወሳኒ ብርቱዕ ፈተነታትን ዘጋጥመሉ ናይ መወዳእታ ሳምንቲ፡ ጽንዓት ኣጥፊኣ ነጥቢ ክተጥፍእ ትርኢ።

ብመንጽሩ ሎሚ ዓመት፡ ዘለዋ ቁመና እንተሓሊያን መጉዳእቲ ወሰንቲ ተጻወትቲ እንተዘይ ኣጋጢሙዋ፡ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዘይዓተረታ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ክኸውን ይግመት። ወርሒ ግንቦት ኢዳ እንተዚባ ግና፡ "እግሪ ቀልዓ ይገዱ እምበር ኣይቅድምን" ክበሃሎ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣርሰናል፡ ንሻምፕዮን ሊግ ትመርሖ ኣላ፡ ኣብ ኤፍኤ ካፕ ሳልሳይ ዙርያ ጸወታ ኣለዋ፡ ኣብ ካራባኦ ካፕ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ ኣላ። ብሓፈሻ፡ ምስ ፕሪመር ሊግ ኣብ ኣርባዕተ ዋናጩ ኣላ፣ ክንደይ ሒዛ ትውድእ ትኸውን?

## "ካብ ፖጋቻ ዝበለጽኩ ክኸውን እየ ዝደሊ" ኢቨነፖል

ቤልጀምዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ረድ ቡል - ረምኮ ኢቨነፖል፡ ካብ ታደይ ፖጋቻ ንላዕሊ ክኸውን ከምዝደሊ ገሊጹ።

ናይ'ዚ እዋን ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ዓለም ዝኾነ - ፖጋቻ፡ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት (2024ን 2025ን)፡ ንዙር ፈረንሳን ሻምፕዮን ዓለምን ዝርከቦም ዓበይቲ ዓወታት ብምዕዋት፡ ከም ሳህመት ጽቡል ኢሉ እዩ።



ረምኮ ፖጋቻ

ረምኮ ከኣ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ውድድራት፡ ሓደ ካብቶም ነዚ ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ ክብድሁ ወይ ክረትዑ ዝኽእሉ ተባሂሎም ዝግመቱ ተቐዳደምቲ እዩ ነይሩ፣ እንተኾነ ኣብ ገለ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ክረትዖ ብፍጹም ተኣጊሙ እዩ።

ረምኮ፡ 2025 ንመወዳእታ ምስ ኩዊክ ስቴፕ ተጻዊቱ፡ ንሓዲሽ ዓመት 2026 ምስ ረድ ቡል ቦራ ሃንስግሮሄ ተጸምቢሩ ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ይርከብ። ናብዛ ጋንታ ምጽምባሩ ዝወደሶ ፖጋቻ፡ ክመሓየሽ ምኳኑ እምነቱ ገሊጹ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ረምኮ፡ "ሰሚዐዮ እየ፣ ግና ሓቂ ዲዩ? ምናልባት ከህውትተኒ ኪይኑ። ብዝኾነ፡ ኣነ ካብኡ ዝሓሸኩ ክኸውን እየ ዝደሊ። ኩልና ንፈልጦ ኢና ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እንተኾነ፡ ናብዛ ጋንታ ምምጻአይ እቲ ምኽንያት ንሱ እዩ።" ኢሉ።

ረምኮ፡ ምስቲ ኣብ ዙር ፈረንሳ 2025 ኣብ ጸዕዳ ማልያ መንእሰያት መወዳድርቱ ዝነበረን ድሕሪ ምውጽኡ (ረምኮ ነቲ ውድድር ኣይወድኦን) ነታ ማልያ ዝተዓወተላን ፍሎሪያን ሊፖቪች ሓቢሩ ኣሎ። ክልተኦም ናይ ግዜ ተወዳደርቲ እዮም።

ንሱ፡ "ኣነን ፍሎሪያንን፡ ዓቢ ሕልሚ ዘለና ኢና፣ እንተኾነ ዝተፈላለና ተቐዳደምቲ ኢና። ኣነ ዝያዳ ቀልጢፈ እየ ዝትኩስ፣ ፍሎሪያን ግና፡ ከም ናፍታ ምውዓይ የድልዮ። ዝተፈላለና ኢና ብሓባር ግና ጽቡቕ ክንሰርሕ ንኽእል። ከም ዕላማ ናይዛ ጋንታ፡ ሓደ መዓልቲ ዙር ንምዕዋት፡ ተመሳሳሊ እምበር ተጻራሪ ክንከውን የብልናን።" ኢሉ።

ብኽልተ ዓመታት ካብ ፖጋቻ ዝንእስ - ኢቨነፖል፡ ወላ'ኳ ኣብ ዓበይቲ ዓቕብታት ከንዲ ፖጋቻ ዓቕሚ ኣይሀለዎ፡ ምስ ዘለዎ ተወሃቦን ብሉጽ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖምሜትር)ን ግና፡ ኣብዘን ዝስዕባ ዓመታት ዝ ስሎቬንያዊ ዝያዳ ክወዳደሮን ክረትዖን ዝግመት ንሱ እዩ። ብተኸታታሊ ኣብ 2022ን 2023ን ንፖጋቻ ኣብ ዙር ፈረንሳ ዝሰዓረ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ግና ሰሪ መውድቕቲ ካልእ ብቕዓቱ ዝነደለ ጆናስ ቪንገጋርድ'ውን፡ ኣብ 2026 ኣዝዩ ተመሓይሹ ክቐርብ ይግመት።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ኣፍሪቃ ካልኣይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ኣንጎላ - ዚምባብወ 3:30 ድ.ቀ

ግብጺ - ደቡብ ኣፍሪቃ 6:00 ድ.ቀ

ዛምብያ - ኮሞሮስ 8:30 ድ.ቀ

ሞሮኮ - ማሊ 11:00 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ መበል 18 ሰሙን

ማን ዩናይትድ - ኒውካስል 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ሰራዊታ ኣብ ምቁጽጻር ነዳዲ ቬንዙዌላ ከተኩር ኣዚዛ

ቤት ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ሰራዊት ናይታ ሃገር ንዝመጽእ ዘሎ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ምቁጽጻር ነዳዲ ቬንዙዌላ ብፍሉይ ንኸተኩር ዝገልጽ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ፡ ሓደ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎ ሳዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኣመሪካ ሓቢሩ።

እቲ ስሙ ዘይተገልጸ ብዓል ስልጣን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዋሽንግቶን ኣብ ልዕሊ ካራካስ ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ካብ ወተሃደራዊ ኣገባብ ዝያዳ ቁጠባዊ ጸቕጢ ክትጥቀም ከም ዝወሰነት ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ቬንዙዌላ ዝለዎ ዕላማታት ኣመልኪቱ ወግዓዊ መግለጺ እንተ ዘይሃበ፡ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ግን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ንቬንዙዌላዊ ማዕከኡ ኒኮላስ ማዱሮ ስልጣኑ ራሕሪሑ ካብ ሃገሩ ክወጽእ ብሕቡእ ጸቕጢ ክገብረሉ ምጽንሑ እዩ ዝሕብር።

እቲ ብዓል ስልጣን፡ ቬንዙዌላ ምስ ኣመሪካ ሕድገታት ክትገብር እንተ ዘይተሰማሚዓ፡ እታ ሃገር ክሳብ መወዳእታ ጥሪ፡ ቁጠባዊ ዕንወት ከጋጥማ ከም ዝኽእል ኣሚቱ ኣሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር ናብ ኣመሪካ ዕጹ ፋርስ ብዝበዝሐ ተሰጋግር ከም ዘላ ብምኽሳስ፡ ኣብ ልዕሊ ዕጹ ፋርስ ከም ዝጾዓና ዝገለጸን ብርክት ዝበሉ ጀላቡ ቬንዙዌላ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ መጥቃዕትታት ምክያዱ ዝዝከር እዩ።

ብዘወሰኸ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ወሽጢ ቬንዙዌላ ንዝርከብ ዝዘየሕጋዊ ምዝዋዋር ዕጹ ፋርስ ዝገልግል ትሕተ ቅርጺታት መጥቃዕቲ ከም ዝካየድ እውን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ብርክት ዝበሉ ሃገራት፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ኮኒነንኦ ኣለዋ።

ኣብዚ ሕጂዜ ዘሎ ወርሒ፡ ሓለዋ ባሕሪ ኣመሪካ ኣብ ባሕሪ ካሪብያን ነዳዲ ቬንዙዌላ ንዝጾዓና ክልተ መራኽብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘውዓለ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ኣመሪካ፡ ኣብ



ማያት ካሪብያን ኣፍሪቲ ኤትጽዕኖ ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ፡ 11 ካልኦት መራኽብ ወግእን ልዕሊ 12 ኤፍ-35 ዝዓይነተን ነፈርቲ ወግእን ዝዓጠቑ ልዕሊ 15 ሽሕ ወተሃደራት ከም ዘዋፈረ ተገሊጹ ኣሎ።

## መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ ንንዩክሌሳዊ ስምምዕ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ‘ተኹታኺ’ ኢሉዎ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዝተኻየደ ሓድሽ ስምምዕ ምምዕባል ንዩክሌሳዊ ሰብመርናት፡ ንሮግኣት ሓወሲ ደሴት ኮርያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ክብል ከም ዝገለጸ ኬይሲኤንኤይ ዝተባህለ መንግስታዊት ማዕከን ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ረቡዕ እቲ መራሒ ኣብ ትካል መፍረ ሰብመርን ሃገሩ ዑደት ክካየድ እንከሎ፡ ዕወት ዝተባህለ ፈተነ ምውንጫፍ ሓድሽ ናይ ነዊሕ ርሕቀት መከላኸሊ ኣየር ሚሳይል ከም ዝተዓዘበ እውን ተገሊጹ ኣሎ።

ኪም ጆንግ ኡን እቲ ኣብ መንጎ ሶውልን ዋሽንግቶንን ዝተኻየደ ስምምዕ ንልኡላውነት ባሕርን ጸጥታ ሃገሩን ዝጥሕስን ተረር ግብረ መልሲ ክወሃቦ ዝግባእ ጸጥታዊ ስግኣትን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብመሰረት እቲ ማዕከን ዜና፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ ሓይሊ ባሕሪ ሃገሩ ዘመናዊ ዕጥቅን ንዩክሌሳዊ ኣጽዋርን ከም ዘድልዮ ኣስሚሩ።

ደቡብ ኮርያ፡ ብሓገዝ ኣመሪካ ናይ ገዛእ ርእሳ ብኑክሌሳዊ ጸዓት ዝሰርሓ ናይ ትሕተ ባሕሪ መራኽብ ኩናት (ሳብመሪናት) ንምህናጽ፡ ምስ’ታ ሃገር ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐት’ዩ ዝሕበር።



## ኣመሪካ፡ ንዝምድና ቻይናን ህንድን ከተበላሹ ትፍትን ኣላ ተባሂላ ትኽሰሰ

ዝሓለፈ ሓሙስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኣመሪካ ነቲ ኣብ መንጎኣን ህንድን ዘሎ ዝምድና ንምብልሻው፡ ፖሊሲ ምክልኻላ ትጥምዝዞ ከም ዘላ ከሲሳ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ሊን ጂያን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ምስ ህንዲ ዘለዋ ዝምድና ንነዊሕ ግዜ ዝጠመተ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ መንጎ ቻይናን ህንድን ዘሎ ክርክር ናይ ዶብ፡ ንኽልቲኣን መዳውብቲ ሃገራት ጥራሕ ዝምልከት ጉዳይ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ቻይና ካብ ዝኾነት ሃገር ንዝመጽእ ንጉዳይ ዶብ ክልተኣን ሃገራት ዝምልከት ርእይቶ ኮነ ተጻራሪ ሓሳብ ከም ዘይትቕበል፡ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ዝሓለፈ ሰሉስ ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን) ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ቻይና፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ህንድን እናዓመቐ ዝኸይድ ዘሎ ዝምድና ብምብልሻው፡ ነቲ ኣብ መንጎኣን ህንድን ዘሎ ምትእምማን ዘይብሉ ዝምድና ንምትራሩ ክትጽዕር ከም እትኽእል ምግላጹ ይሕበር።



## ብሪጣንያ፡ ካናዳን ጀርመንን፡ ንምስፍሕፋሕ ሰፈራታት እስራኤል ኮኒነንኦ

ብሪጣንያ፡ ካናዳን ጀርመንን ዝርከብኦን ሓያሎ ሃገራት፡ ነቲ ብካቢነ ጸጥታ እስራኤል ዝጸደቐ፡ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም 19 ተወሰኽቲ ሓደሽቲ ሰፈራታት ናይ ምህናጽ መደብ፡ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስን ንምርግጋእ እቲ ዞባ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ውሳነ ክብላ ኮኒነንኦ።

ብሪጣንያ፡ ቤልጅየም፡ ዴንማርክ፡ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ኣይስላንድ፡ ኣየርላንድ፡ ጃፓን፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ኖርወይን ስጳኛን ኣብ ዘውጽኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ እስራኤል ነቲ ኣጽዲቓቶ ዘላ ውሳነ ምስፍሕፋሕ ሰፈራታት ክትስሕቦ ጸዊዐን።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ጊዴዎን ሳዓር ድማ፡ ነቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ‘ኤክስ’ ዝተዘርግሐ ሓባራዊ መግለጺ ናይ’ተን ሃገራት ብምንጻግ፡ እቲ ውሳነ ንእስራኤል ዘጋጥማ ዘሎ ጸጥታዊ ስግኣታት ንምውጋድ ዓሊሙ ዝጸደቐ ምዃኑ ገሊጹ።




## ደ/ኣፍሪቃ፡ ኣብ ባር ምስ ዝተፈጸመ ቅትለት ምትእስሳር ዘለዎም ጥርጡራት ተታሒዞም

ፖሊስ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ምስቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሓደ ባር ዝተፈጸመ 10 ሰባት ዝቐዝፈን ካልኦት 10 ሰባት ዘቑሰለን መጥቃዕቲ ብረት ምትሕሓዝ ዝተረኽቦም 11 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ ሓቢሩ።

እቶም ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተው፡ ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሉ ብርክት ዝበለ ጠበንጃታት ሒዞም ዝተረኽቡ ጥርጡራት፡ ዜጋታት ሞዛምቢክን ሌሶቶን ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ባርስዴል እትብሃል ንእሽቶይ ከተማ ኣብ ሓደ ባር ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ፈኲስ ብረት፡ ኣብ ሓንቲ ሚኒባስን ንእሽቶ ማኪናን ብዝተጻዕኑ ከባቢ ደርዘን ዝኾኑ ብረት ዝዓጠቑ ሰባት ከም ዝተፈጸመ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከቡ ባራት ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ከም ዝተኻየደ እያም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ኣብ 2024 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብታ ሃገር ብማእከላይ ንምጋም ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 70 ሰባት ከም ዝቕተሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

መጥቃዕቲ ብረት ከኣ ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ጠንቅታት ናይ’ቲ ልዑል ማጠን ቅትለት ምዃኑ፡ ፖሊስ ናይ’ታ ሃገር ይሕብር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 26/12/25 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services